
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 279 | 6 ሰነ 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ዓርቢ



ገጽ 3
ወለባይ

ገጽ 4
መጸለዩ ሕጋዊ ወረሲ ካብ ወርሻ ክንቀል ዝኽእል?


ገጽ 5
ብርያን ኣዳምስ


ገጽ 8
ምውቕ ሓዳር ንክህልወካ ትበሃገ?


ገጽ 9
ደረተይ ደረትካ



# ሃገራዊ መርመራ ሻሙናይ ክፍሊ፣ ኣብ መላእ ሃገርን ስዑዲ ዓረብን ተዋሂቡ



ሃገራዊ መርመራ ሻሙናይ ክፍሊ፣ ኣብ መላእ ሃገርን ኣብ ጅዳን ሪያድን ኣብ ዝርከባ ኣህጉራውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ማሕበረሰብ ኤርትራውያንን ብ43 5ን ሽ ኣብ 354 መፈተኒ ንቑጣታት ተዋሂቡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ኣሃዱ ሃገራዊ መርመራ ኣቶ ክፍለ መኣዛን ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ንኽልተ መዓልታት ዝተዋህበ መርመራ፥ 46 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ኣስታት 60 ሽሕ ተመሃሮ ከምዝተፈተኑ ብምሕባር፣ ኣብዚን መፈተኒ ንቑጣታት 4 ሽሕ ዓቕሚ-ሰብ ተዋፊሩ ምንባሩ ሓቢሩ።

ናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ መርመራ ሻሙናይ ክፍሊ፣ ካብ ከተማታት ሓሊፉ ኣብ ርሑቕ ገጠራትን ቁሸታትን'ውን ስለ ዝተዋህበ፥ ብዙሓ መፈተኒ ንቑጣታት ብሸዱሽተ ሚእታዊት ዕቤት ከምዝርኣየ ዝጠቐሰ ኣቶ ክፍለ፥ ኣብ ዞባታት ዓንሰባ፥ ጋሽ-ባርካን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ቀጻሪ ተፈተንቲ በበዓመቱ ይዛይድ ምህላው ኣረዲኡ።

ኣቓዲሙ ዝወሃብ መዳለዊ ፈተና፣ ንተመሃሮ ኣብ ምድላውን ምስ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይቲ ፈተና ኣብ ምልላይን ሓጊዙ ምኳኑ ብምምልካት ድማ፥ ኣብ ቀጻሪ፥ እንግሊዝ፥ ማሕበራዊ ትምህርትን ስነ-ፍልጠትን ሓሓምሳ ሕቶታት ከምዝቐረበ፥ ንሱ ድማ 20 ሚእታዊት ካብ ናይ ሻድሻይ፥ 20 ሚእታዊት ካብ ናይ ሻውዓይ፥ ዝተረፈ 60 ሚእታዊት ድማ ካብ ናይ ሻሙናይ ክፍሊ ምኳኑ ኣብሪሁ።

ሃገራዊ መርመራ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ጀሚሩ ክሳብ ብደረጃ ሃገር ዓመታዊ ስለዝዋሃብ፡ ብልጫታቱን ድኽመታቱን ተለልዩ ብስጡ ወጽኢት ንምምዛን ከምዝሕግዝ ብምብራህ፥ በቲ ተገይሩ ዘሎ ጻዕሪ ከኣ ጽቡቕ ወጽኢት ክምዝረኣ ዘለዎ ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ ሃገራዊ መርመራ ኣቶ ክፍለ መኣዛን ኣብ መወዳእታ፡ ፈተንቲ ካብ ዞባ ናብ ዞባ እናተንቀሳቐሱ ስለዝፍተኑ ንበዝሒ ስክፍታታት ከምዝኣሊ ኣመልኪቱ።

# ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ምስ ወከልቲ ህዝቢ ዓዲ-ቐይሕን ሰንዓፈን ርክብ ኣካዪዱ

ቀጠባዊ ሓርነት ንምጉንጻፍ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ንኽዕወት፡ ህዝቢ ንዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ብዝሓየለ ክቕጽሎ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ኤፍሬም ገብረክርስቶስ ምስ ወከልቲ ህዝቢ ንኡስ ዞባታት ዓዲ-ቐይሕን ሰንዓፈን ኣብ ዝገበሮ ርክብ ገሊጹ።

ኣቶ ኤፍሬም ኣብ መግለጺኡ፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ዝካየድ ዕማም ብዘመናዊ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ምስ ዝሰነ ዝያዳ ኣድማዒ ከምዝኸውን ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ግቡእ ኣጠቓቕማ መሬትን ባህርያዊ ጸጋታትን ክኽተል ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ዞባ፡ ኣብ ምህናጽ ዝርከባ ዓበይቲ ዲጋታት ምስ ተዛዘማ ኣብ ምውሓስ ትሕተ-ባይታዊ ማይን ሕርሻዊ ልምዓትን ልዑል ኣስተዋጽኦ ክገብራ ምኳነን ብምጥቃስ፡ ዜጋታት ተኸፊቶሎም ንዘሎ ናይ ወፍርን ትምህርትን ዕድላት ብግቡእ ክጥቀሙሉ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እናደኸመ ዝመጽእ ዘሎ መስመር መጓዓዝያ ኣስመራ - ዓዲ-ቐይሕ - ሰንዓፈ ዳግመ-ግምት ክግበረሉ፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምሕያል ድማ ውሁድ ስራሕ ክካየድ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ዓቕሚ ደያኑን ኮሚሽነራትን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ክብ ንምባል ዝሕግዝ ስልጠና ተዋሂቡ

ብፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝተወደበ፥ ዓቕሚ ደያኑን ኮሚሽነራትን ክብ ብምባል ኣብቲ ዞባ ዝካየድ ግጥማት ኩዕሶ እግርን ኣብ ዳንነትን ምሕደራን ኩዕሶ እግሪ ዝጸንሐ ኣካይዳ ንምሕያል ዝሕግዝ ስልጠና ኣብ ከተማ ባረንቱ ተዋሂቡ።

ዕላማ ናይ'ቲ ካብ ንኡሳን ዞባታት ባረንቱ፥ ኣቑርደት፥ ተሰነይ፥ ሃይኮታ፥ ፎርቶ-ሳዋ፥ ሻምቡቆ፥ ሞልቀ፥ ሎጎ-ዓንሰባ፥ ሞገሎን ጎልጅን ዝተዋጽኡ 10 ኮሚሽነራትን 47 ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃታት ደያኑን ዝተሳተፍዎ ስልጠና፡ ሕጋጋት ዳንነት፡ ከምኡ'ውን ስነ-ምምሕዳርን ምሕደራን ጸወታ ብምምሕያሽ ኣብ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ'ቲ ዞባ ዝጸንሐ ናይ ዳንነት ጸገማት ንምእላይን ሞያዊ ብቕዓት ደያኑን ኮሚሽነራትን ንምዕባይን ምኳኑ፥ ኢንስትራክተር ዳዊት የውሃንስን ሓላፊ ትምህርትን ስልጠናን ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣቶ ኣሰፋው ኣስመሮምን ሓቢሮም።

ንሳቶም፡ ሓያሰቲ ስልጠንትን ኣቓዲሞም ተመሳሳሊ ስልጠና ዝወሰዱን ደያኑ ንዝቐሰምዎ ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ናብ ግብሪ ብምትርጓም፡ ኣብ'ቲ ዓውዲ ለውጢ ንምምጻእ ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ሓላፊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ረዘነ ሃብተየሱስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና ነቲ ከምቲ ዝድለ ዘይኮነ ዘጋጥም ጸገማት ኩዕሶ እግሪ ናይቲ ዞባ ኣብ ምብርባር ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ብምእማን፥ ስልጠንቲ ብትግሃት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ዑመር መሓመድ ብወገኑ፡ ኩሉ'ቲ ኣብ'ቲ ዞባ ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምሕያል ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ምስ ቀዳምነታቱ ሰሪሑ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፥ ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ናይ'ቲ ዞባ ለውጢ ንምምጻእ ዝወጽኡን ዝትግበሩን መደባት ንምዕዋት፡ ምምሕዳር ደገፉ ከምዝቕጽል ኣረጋጊጹ።

# ኤርትራውያን ተቐማጦ ሃምቡርግን ቦሎኛን ዕለተ ናጽነቶም ብድምቀት ጸንቢሎም

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማታት ሃምቡርግን ቱቢንገንን - ጀርመን፡ በዓል ናጽነት - ንደቆም ሃገራዊ ክብርታት ብዘውርስ ደሙቕ ኣገባብ ጸንቢሎምዎ።

ኣብቲ ብመንእሰያት ዝተዓበለ ጽንብል፡ እቶም ዜጋታት፡ ብወህደት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋት፡ ውዳበኦምን ጥምረቶምን ብምሕያል ካብኦም ዝሕተት ከማልኡ ቅሩብነቶም ኣረጋጊጾም።

ኤርትራውያን ነበርቲ ቦሎኛ - ኢጣልያ ብወገኖም ኣብ ዘካየድዎ ምዕሩግ ጽንብል፡ ኣቦመንበር ማሕበሮም ኤርትራውያን ነበርቲ ቦሎኛ ኣቶ የማን ሃብተማርያም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናይ ለሚ ዓመት በዓል ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻሩ ንዝቖመ ሕንከላታት መኪቱ ሳዕሪዋይ ኣደ ኣብ ዝጨበጠሉ እዋን ይኻየድ ብምህላው ፍሉይነት ከምዝለዎ ብምግላጽ፡ ንዝመጽእ ኩሉ እንቅፋታት ዓጽፉ ብምምካስ፡ ኣብ ህንጸት ሃገር ኣበርክቶኦም ከምዝዕዘዙ ኣረጋጊጹ።



## ዋደ፡ ብሰንኪ እሳተ-ጎመራ ንዝተመዛበሉ ዜጋታት ንምሕጋዝ ዝካየድ ዕማም ብዝለዓለ ክቕጽል'ዩ

ኣብ ከባቢ ሰረሩ ብዘጋጠመ እሳተ-ጎሞራ ተመዛቢሎም ኣብ ከባቢ ዋደ ተጣዪሶም ዘለዉ ዜጋታት፡ ኣብ ቀረባኦም ተጠቂምቲ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክኾኑ ብዝለዓለ ይሰርሓሉ ከምዘሎ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ገርገስ ግርማይ ምስኣቶም ኣብ ዝገበሮ ርክብ ገሊጹ።

ኣቶ ገርገስ ኣብ መግለጺኡ፣ ኣቐዲሙ ንምጥያሶም ብህዝብን መንግስትን ዝተገበረ ሓገዝ ክሱብ ዝረግኡ ቀጻልን ዘዩቋርጽን ምኽኒት ጠቒሱ፣ እቲ ካብ ተጸቢዩነት ተገላጊሎም መነባብሮኦም ንምምሕያሽ ዝገበርዎ ዘለዉ ጻዕሪ ብዝለዓለ ክደፍኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ፍልጠት ዝቐሰሙን ጥዑያትን ዜጋታት ንምፍራይ፡ ኣብ ቀረባኦም ንዝተዋደደ ትካላት ትምህርቲን ጥዕናን ብዝግባእ ክጥቀሙሉም ብምዝኽኻር ድማ፡ ቀጻልነቶም ንምውሓስ ብግቡእ ክከናኸንዎም ተማሕጺኑ።

ኣሰዒቡ ኣቶ ገርገስ፡ ከባቢኦም ንምግራብ ጀሚሮሞ ዝለዉ ስርሓት ብምንኣድ፡ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዘለዎም ኣፍልጦን መረዳእታን ዘርኢ ስለዝኾነ፡ ብዝሰፍሐ ክቕጽልዎ ብምትብባዕ፡ ብክኢላታትን ሞያውያንን ሓገዛት ከምዝግበረሎም ኣረጋጊጹሎም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፣ ብህዝብን መንግስቲን ዝተገበረሎም ሓገዛት ርጉእ ህይወት ንኽመርሑ ከምዝሓገዞም ብምሕባር፣ ብቐረባ ንዝተዋደደሎም ዕድላትን ኣገልግሎታትን ብግቡእ ክጥቀሙሉ ምኳኖም፣ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋት ድማ ብዝለዓለ ከምዝሰርሑ ገሊጾም።


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቊ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቊ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ. 200454

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ


## መእረምታ

ትማሊ 5 ሰነ ኣብ ካልኣይ ገጽ መልሲ ንሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ኣብ ቁጽሪ 12 ተዋሂቡ ዘሎ መልሲ፣ ብዘኽፋኣዊ ጉድለት ዝሰዓበ ጌጋ ኮይኑ፣ እቲ መልሲ "መ" (ጥቅምቲ 1997) ምዃኑ ምስናይ ይቕሬታኡ ንሕብር።

## መንእሰያት ኣብ ከባቢኦም ዝሰላሰሉ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋት ቀላሲ ተራ ክጻወቱ መዘኻኸሪ ቀረቡ

ተመሃሮን መንእሰያትን ኣብ ከባቢኦም ዝሰላሰሉ ዘለዉ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋት ቀላሲ ተራ ክጻወቱ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቂ ምስ ተመሃሮን መንእሰያትን ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ወልደየሱስ ተከኤ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕቶታዊ ንጥፈታት ተዋፊሮም ከካይድዎ ሳላ ዝጸንሑ ዕማም ኣብ ምዕባለ ከባቢኦም ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበሩ ብምምልካት፡ ንዘበርከቱ ኣበርክቶ ንቕሓቶም ኣብሪኾም ሱታፌኦም ከዕዝዙን ጸገማት ወኽቲ ኣብ ምርዳእ ክተጥፉን ተላቢዩ።

ሓላፊ ህግደፍ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሃይለ ተስፋማርያም ብወገኑ፡ ባህሊ ስራሕን ምትሕግጋዝን ኣብ መንእሰያት ንምስራጽን ተሳታፍነቶም ኣብ ኩሉ ልምዓታዊ መደባት ንምብራኽን ሓላፍነት መላእ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ክሕይል ብምዝኽኻር፡ መንእሰያት ብግደኦም ተኸፊቱሎም ዝዘሎ ዕድላት ተጠቒሞም ግዜኦም ኣብ ትምህርትን ስራሕን ብምሕላፍ ኑቦሶም ከማዕብሉ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እናንቆልቆለ ዝኸይድ ዘሎ ሃብቲ ገረብ'ቲ ንኡስ ዞባ ናብ ንቡር ንምምላስ፡ ማይን ሓመድን ብምዕቃብ ኣብ ንጥፈታት ምግራብ ብዝለዓለ ክዋስኡ ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ውዳቤ መንእሰያት'ቲ ንኡስ ዞባ ንምሕያል ዝምልከቶም ኣካላት ብዕቱብ ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም።

## ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ዋደ ዝዋደድ ዘሎ ፕሮጀክት ማይ ኣብ ግዜኡ ንምዝዛም ንዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ መጉሱ

መንግስቲ ኣብ ዋደ - ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ ዘዋድዶ ዘሎ ሽዱሽተ መዐደሊ ነቑጣታት ዘለዎን ብጸሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕን ፕሮጀክት ጽሩይ ዝሰተ ማይ፡ ኣብ ደረጃ ምዝዛም በጺሑ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ገርገስ ግርማይ ነቲ ፕሮጀክት ንምዕዛብ ኣብ ዘካየዶ ዑደት፡ እቲ ፕሮጀክት በጺሕዎ ዝሎ ደረጃን ማይ ናይ ምኽዛን ዓቕሙን ብዝምልከት ብክኢላታት መብርሂ ክወሃቦ እንከሎ፣ ኣብቲ ከባቢ ንዘበረ ጸገም ጽሩይ ዝሰተ ማይ ክፈትሕ ልዑል ትጽቢት ከምዝግበረሉ ተገሊጹሉ።

እቲ ፕሮጀክት ማይ፡ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ጸቡቕ ኪኢላ ዘርኢ ዘሎ ምጥርናፍ ዓድታት ሓጊዚ ክኸውን ዘለዎም እምነት ዝሓበሩ እቶም ክኢላታት፡ ኩሉ ስርሓቱ ተዛዚሙ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ድሉው ምህላው ኣረዲኦም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ገርገስ ግርማይ ብወገኑ፡ እቲ ፕሮጀክት ቅልጡፍ መስርሕ ምርኻኻብ ክካየደሉን ዕድመ ኣገልግሎቱ ክነውሕን ውሕሉል ኣጠቓቕማ ምዝውታር ከምዝድሊ ብምዝኽኻር፡ ንኣባላት ኮሚቴ ማይ ግቡእ ስልጠና ክወሃቦም ኣተሓሳሰበ።

ዋደ፡ ካብ ዓሰብ ንሸነኽ ሰሜን ኣስታት 130 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ ትርከብ።

# ገምጋም-ፊልም

ብመግዩት ኮሚቲ ደረጃታት ፊልም ኤርትራ

# መለባይ

| | |
|---|---|
| ደራሲ፤ ፊልሞን ንገሰ | ዳይረክተር፤ ሱሌማን ዑመር |
| ስእሊ፤ ተሻለ ብርሃነ | ኣርትያት፤ ሓሰን ኣሕመድ |
| ደረጃ ብጽሩራ፤ ፍርቂ (19.00%) | ☆☆☆☆☆ |

## 3. ኣርት ዲዛይንን ሜክኣፕን

### ኣልባሳት

ንገጠር ተባሂሉ ዝተመርጸ ክዳውንቲ ብሓፈሻ ደሓን ነይሩ። ኣብ ማሕረስ ንዝውዕል ዝነበረ ሓረስታይን፡ ኣብ መሮር ንዝውዕላ ዝነበራ ጉራዙን ግን እቲ ክዳውንቲ ጸርዩ ምቕራቡ ክዉንነቱ ዝተዘንግዐ ይመስል። ናይ ገ/ሂር ክዳውንቲ፡ ነጸላ ደኣ ቁሩብ ወዲ ገጠር ኣምሲሉዎ እምበር፡ ተኸዲኑዎ ዝነበረ ስረ (ጅንስ) ናይ ጭው ዝበለ ወዲ ከተማ ነይሩ። ኣብ እዋን ማሕረስን መጓሰን፡ ደቂ ገጠር እርግጽ ርስሕን ዝበለ ክዳውንቲ እዮም ዝኸደኑ። እቲ ኣብ ከተማታት፡ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ተዋሳእቲ ዝኸደኑዎ ዝነበሩ ክዳውንቲ ምስቲ ኩነታትን መንፈስ ዛንታን ዝሳነ እዩ። ብፍላይ ናይ ባጽዕ ክዳውንቲ ጽቡቕ ነይሩ። እንተኾነ ጉብረእግዚኣብሄር ኣብ ድኳን እናሰርሐ እንከሎ ናይ ኩባንያ ፈያት ኮምበላቶና ተኸዲኑ ይረአ። እዚ ድማ ብቛንቛ ሲነማ ሰራሕተኛ ትካል ፈያት ምዃኑዩ ዘመልክት። ስለዚ እቲ ኣብ ስክሪን ዝርአ ዘበለ ኩሉ ትርጉም ከም ዘለዎ ተፈሊጡ ብጥንቃቐን ዕላማን ክግበር ይግባእ።

ደመት ሓደ ግዜ ኣብ ዓዲ፡ ኣድጊ ክህባ ዝለመኑዎ መንእሰይ ብኩዓት ይኹን ብኩሉ እንትናኡ ወዲ ገጠር ኣይመስልን። እዚ እናኾነ ካብቲ ተዋሳኢቲ ዘዘውትሩዎ ዝነበሩ ክዳውንቲ ነቒልካ ንእዋን ናይቲ ዛንታ ክትጭብጦ የጸግም። እዚ ማለት እቲ ዛንታ ኣበዮናይ እዋን ዝነበረ ዛንታ ምዃኑ ክልለ ኣይከኣልን። ኣኩዳድና ናይ ሓደ ሕብረተሰብ (ኣብ ገጠር ይኹን ኣብ ከተማ) ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተቐየረ ስለ ዝኸይድ ኣስተብህሎ ክግበረሉ ይግባእ።

### ምኽና

ዛንታ ናይዛ ፊልም ብዙሓት ቦታታት ኣለዋ። ገጠር፡ ኣስመራ፡ ባጽዕ፡ ኣብ ውሽጡ'ውን ማሕረስ፡ በረኻ፡ መንበሪ




### 3ይን መወዳእታን

ኣባይቲ፡ እንዳ ኣውቶቡስ፡ ድኳን፡ ኣቢያተ ሻሂ፡ ባር…ወዘተ። እዚ ቦታታትዚ ግን ብግቡእ ኣይተመዘመዘን። ንግዜ፡ መንፈስን ሃዋሁን ናይቲ ዛንታ ከኾልሕ ብዝኽእል መልክዕ ኣይተቐመጠን። እቲ ገጠር፡ እቲ ከተማ፡ እቲ ባሕሪ… ወዘተ ምልኣት ብዘለዎ ስእሊ፣ ገጠር ሕርሻኡ፡ መጓሰኡ፡ ሩባኡ፡ ጎቦኡ… ቅዲ ናብራ ናይቲ ሕብረተሰብ፡ ብኻልእ ኣገላልጻ ኣቀማምጣ ናይታ ዓዲ፡ ርሕቀት ገዛውቲ፡ ጸባቕ ናይ ገጠር ዝግልጽ ሓፈሻዊ ስእልታት ኣይቀረበን። ዳርጋ ኩሉ ብጸቢብ ኩርናዕ - ተዋሳእቲ ዘለውዎ ቦታ ጥራይ እዩ ዝርአ። ከተማታት'ውን ብተመሳሳሊ። ስለዚ፡ ኣጠቓቕማን ኣወሳስዳን ቦታታት "ናይ ፊልም እዩ!" ክብሎ ዝኽእል ባእታታት ይጎድሎ።

ብዘይካዚ፡ ቡቲ ቦታታት ኣቢልካ መሰረት እዋን ናይቲ ዛንታ መዓስ ምዃኑ ኣይንጽርን፣ ዛንታ ጀሚሩ ክሳብ ዝውድእ'ውን ናይ ክንደይ ግዜ፡ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት… እዩ? ካብቲ ቦታታትን ኣጠቓቕማኡን ክትረኽቦ የጸግም። ዛንታ ፊልም ኣብ ሰማንያታት፡ ኣብ ሰብዓታት ደዩ ወይስ ቅድመኡ ወይ'ውን ኣብዚ እዋንዚ ንምንጻር ኣጠቓቕማ ምኽና ግቡእ ተራኡ ኣይተጻወተን።

እታ ዓዲ ኣብ ኣየናይ ክፋል ከበሳ ኤርትራ'ያ ትርከብ? እቲ ዛንታኸ ኣብ ኣየናይ ወቕቲ ናይ ዓመት ነይሩ? ምኽንያቱ ሓድሽ ሓሰር ኣብ ማእከል ግራት እናተዓዘብና ገ/ሂር ማሕረሻ ሒዙ ክኣቱን ክወፍርን ስለዝርአ ንእዋን ናይቲ ዛንታ ተጋራጫዊ ይገብሮ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ዛንታ ፊልም ወለባይ ብመንጽር ኣጠቓቕማ ምኽናኡ ኣብ እዋን ክረምቲ ደዩ ወይስ ግዜ ቀውዒ… ወይ ኣብ ካልእ ወቕቲ? ንጹር ስእሊ ኣይቅርብን።

ብዘይካዚ፡ እንትርፎቶም ተዋሳእትን ሓንሳእ ኣብ እንዳ ስዋ ዝርኣዩ ገለ ሰባትን እታ ዓዲ ካልእ ተቐማጣይ ዘለዋውን ኣይትመስልን።

ገ/ሂር ዝሰርሓላ ድኳን ናይ ሓው ኣቦኡ'ውን፡ ብዘይካ ክልተ ኣዋልድ (ፈሩዝን ፊቨንን) ካልኦት ዓማውልን ሓፈሻዊ ምንቅስቓሳትውን ኣይረአን። ስለዚ ብጠቕላላኡ ምኽና ብግቡእ ከም ዝይ ተሰርሓሉ ይግምገም።

### ሜክኣፕ

ተዋሳእቲ ኑቶም ልክዕ ናይ ዛንታ ጠባያት ንምምሳሎም ዝተገበረ ናይ ሜክኣፕ ስራሕ ብሓፈሻ ዝምስገን እዩ። እቶም ተዋሳእቲ ደቂ ገጠር ክመስሉ ክኢሎምዮም። ብፍላይ ንደመት ዝተገበረ ስራሕ ሜክኣፕ ብሓፈሻኡ ጽቡቕ ነይሩ። መመላእታ ግን ኣይነበርን - ሽፋሽፍቲ ጸጉሪ ዓይኒ ኣዋልድ ብፍላይ ናይ ደመት ተላጸዩ ከም ዝነበረ ብንጹር ይርኣ ነይሩ። ኣብ ከተማውን ዝተራእዩ ጸጉማት ናይ ሜክኣፕ ኣይነበረን። እንተኾነ ኣደ ገ/ሂር ሰበይቲ ሃገረሰብ ከበላ ዝኽእል ናይ ሜክኣፕ ስራሕ ጎዲሉ ንረክብ።

### ንብረት

ኑቲ ዛንታ ንምስናይ ተባሂሉ ኣብ ገጠር ዝርአ ዝነበረ ንብረት ከም ማሕረሻ፡ ንብረት ገዛ፡ ሻምብቆ፡ ምስቲ ኩነታት ዝኸይድ ነይሩ። ኣብ እንዳ ሓውኣቦ ገ/ሂር፡ ኣብ ግሮሰሪ፡ ኣቡቲ ደመት ኣብ ኣስመራ ይኹን ባጽዕ ትሰርሓሉ ዝነበረት ቦታታት ዝተቐመጠ ንብረት ምስቲ ኩነታትን ምኽናን ዝኸይድ እዩ። ኣብ እንዳ ሓው ኣቦ ገ/ሂር ዝርአ ናይዚ እዋን ንብረት ግን ብፍላይ ሓጺቢት ማሽን፡ ኑቲ ጥንታዊ ዝመስል መሰረት ዛንታ ወለባይ (ኣብ ብዙሕ መዳያቱ 'ቲ ዛንታ ጥንታዊዩ ዝመስል) ኣደናጋሪ ይገብሮ። ካልእ ከም ንብረት ናይቲ ዛንታ እትርአ እታ ገ/ሂር ንጸጋይ ዝሀባ ዝነበረ ቆጽሊ እያ። እንተኾነ ናይ ምንታይ ምልክት ምዃና ብንጹር ኣይቀረበን።

## 4. ኣርትያት

ኤዲተር ብልሓታዊ ብዝኾነ መገዲ፡ ንዋሕዚ ዛንታ ዝቕልስን ኣብ ስእሊ ዝረኣዩ መሰረታዊ ጌጋታት ዝእርምን ኣገዳሲ ኣካል ናይ ሓደ ፊልም እዩ። ኣብዚ ፊልም፡ ኣብ ብርሃን ኣብ ቦታን ምንቅስቓስ ተዋሳእትን ብዙሕ ናይ ቀጻልነት ጸገማት ተራእዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ነቲ ዝተመጠጠ ኣዘናትዋ፡ ኤዲተር ብዝገብሮ ፈጠራ ክመሓየሽ ምኸኣለ። እዚ ኣብ ምቑራጽ ዘየድልዩ ምርኢታት፡ ምጉላሕ ኣገደስቲ ፍጻመታት ዛንታን ዝምድናታት ኣብ መንጎ ምርኢታትን የጠቓልል። ኣብ መበል 1 ሰዓትን 32 ደቒቕን፡ ሓፍቱ ንገ/ሄር ናይ ጸጋይ ሞት ክትነግሮ ከላ፡ ብፍላሽባክ ነቲ ምርኢት ምድጋሙ ትርጉሙ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ወይ እቲ ዘረባ ክተርፍ ነይርዎ።

ፈጠራዊ ጽባቐን ውህደት ዛንታን ኣብ ምፍጣር ዝነበረ ድኽመት ንጎኒ ብምግዳፍ፡ እዚ ዝስዕብ ተክኒካዊ ጉድለታት ኣርትያት ክጥቀስ ይኽእል።

- ኣብ መኽፈቲ ተቐሪጹ ዝደጋገም ሙዚቃ፡ ካብ ደርፊ የማነ ባርያ
- ምንጣር ስእሊ - ንኣብነት ኣብ መበል 1 ሰዓትን 41 ደቒቕን
- ምዝብራቕ ናይ ግዜ ዝምድናታት- ንኣብነት ኣብ መበል 25 ደቒቕ ገ/ሄር ንጸጋይ ቆጽሊ ምስ ሃቦ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ከእምን ዝኽእል ናይ ግዜ መሰጋገሪ፡ ጸጋይ ንደመት ነታ ቆጽሊ ይህባ።
- ብናይ ኣድጊ ኣፍንጫ ዝሓልፍ መሰጋገሪ ኣብ መበል 8 ደቒቕ
- ተዛማዲ ርሕቀት ድምጺ ዘይምሕላው፣ ንኣብነት፡ ናይ ዓንደ ንቅዱሳን ክረኽባ ከሎ ርሕቀቱ ዘይሓለወ ምውህሃድ ድምጺ ኣብ መበል 13 ደቒቕ፡ ከምኡ'ውን ደመት ኣብ ኣፍደገ ማዕጾ ኰይና ክትሰምዕ ከላ ኣብ 1 ሰዓትን 13 ደቒቕን
- ዘየድሊ ትኹረት ኣብ ኣብዑር ኣብ መበል 31 ደቒቕ
- ዝድገም ዘረባ ናይ ገ/ሄር ኣብ መበል 37 ደቒቕ
- ኣብ መበል 53 ደቒቕ ዘየድሊ ዝድገም ናይ ዝሞተ ስእሊ - ናይ ጸጋይ- …።
- ኣብ 1፡21 ኣብ እንዳ ስዋ ክራር እናተሃርመ ዘርኢ ምርኢት፡ ብላዕሊ ካልእ ደርፊ ኣትይዎ። እቲ ብላዕሊ ዝኣተወ ደርፊ፡ ተመሳሳሊ ናይ ክራር እንተ ዝኸውን ደሓን ነይሩ። እዚ ዝኣተወ ግን ምስ ድራም ማሽን ዝተወሃሃደ፡ ተቐበልቲ ዘለዋኦን፡ ኢፈክት ዘለዎን እዩ። እዚ ከኣ ነቲ ስራሕ ብኣሉታ ከም ዝጸለዎ ይግምገም።

## 5. ሲነማቶግራፊ

### ንጹረ ስእሊ

ኣብ ገለ ምርኢታት ዝያዳ ብርሃን ንምሃብ ተባሂሉ ብዘይግቡእ ዝተኸፍተ ኣይሪስ (ናይ ብርሃን መእተዊ) ነጠብጣባት ፈጢሩ። (ንኣብነት ኣብ መበል 24 ደቒቕ)። ብዘይካዚ ሓሓሊፉ ዝርአ ናይ ፎካስ ምድንባዛት'ውን ተራእዩ። (ንኣብነት ኣብ መበል 57 ደቒቕ፡ 1 ሰዓትን 33 ደቒቕን …. ወዘተ)

### ኣተሃናንጻ ትርኢታት

ኣብ ብዙሕ ምርኢታት ካሜራ ካብ ቅኑዕት ናይ 90 ዲግሪ መስመራት ዘንበላ ስኢላ። ንኣብነት፡ ኣብ መበል 1 ሰዓትን 28 ደቒቕን ከምኡ'ውን ኣብ መበል 1 ሰዓትን 43 ደቒቕን እዚ ጸገምዚ ተራእዩ። ብዘይካዚ፡ ኣብ መበል 23 ደቒቕ ዝተራእየ ኣቀራርጻ ስእሊ፡ ንጉብረእግዚኣብሄር ገጹ ቆሪጽዎ። ጸኒሑ ሰኣላይ ኣዚ ንምእላይ ካሜራ ንዶማን ኣንቀሳቒስዎ። ስእሊ፡ ካሜራ እናመልአት ዘይኮኑ ቅድሚ ስእሊ ምጅማሩ ክሕሰበሉ እዩ ዝግባእ።

### ቀዋምነት / ምንቅስቓስ ካሜራ

ምንቅስቓስ ካሜራ ዝፈጥሮ ጽባቐን ኮሃዶ ትጽቢት ዝግበረሉ ነገራትን ጉዳያትን ምስ ዝህሉ ጥራይ ዝግበር ብልሓትዩ። ኣብዛ ፊልም ብተደጋጋሚ ካሜራ ብዘይ ዕላማ ዝግበር ምንቅስቓሳት ተራእዩ። ንኣብነት ኣብ መበል 2 ደቒቕ፡ ብዘይ ምኽንያት ንኺ ፓን ዝተገብረ ስእሊ (ገ/ሄር ሻምብቆ እናሃረመ ከሎ)፡ ኣብ መበል 56 ደቒቕ ኣብ ናይ ቡን ምስታይ ምርኢት ተራእዩ። ብዘይካዚ ካብ ዝተራእየ ዘይጽቡቕ ናይ ካሜራ ምንቅስቓሳት፡ ኣብ ሓሙሻይ ደቒቕ ዝተራእየ ስድራቤት ገ/ሄር እናዕለሉ ዘሎ "ዙም-ኢን"፡ ከምኡ'ውን ካብ ኣብ መበል 27 ደቒቕ ዝተራእየ ዘድሊ ምንቅናቓት ካሜራ ክጥቀስ ይኽእል።

### ኣመራርጻ ኩርናዓት

ክልተ ጠባያት ኣብ ሓደ ምርኢት ክዘራረቡ ከለዉ፡ ካሜራ ትወስዶ ስእልታት ንመንጽረ ትርኢት ኣብ ግምት ከተእቱ ኣለዋ። ንኣብነት፡ ኣብዚን ኣብ ላዕሊ ቀሪብን ዘለዋ ክልተ ኣሳእል፡ ገ/ሄር ኮፍ ኢሉ ኤርምያስ ደው ኢሉ ይዘራረቡ ኣለው። ናይ ኤርምያስ ስእሊ ብቑመት ንመንጽረ ትርኢት ናይ ገ/ሄር ኣብ ግምት ዘእተወ'ኳ እንተኾነ ናይ ገ/ሄር ስእሊ ብተመሳሳሊ፡ ንመንጽረ ትርኢት ኤርምያስ ኣብ ግምት ብዘእታው ስለ ዘይተሳእለ፡ ገረዝጊሄር ደው ኢሉ ዘሎ መሲሉ።

### መኣዝን ስእሊ

ኣብ መበል 1 ሰዓትን 30 ደቒቕን እዛ ኣብ ታሕቲ ቀሪባ ዘላ ኣብ ቀዳመይቲ ስእሊ፡ ዋና ባር ናብ ስክሪን ገጻ ክትመጽእ ትርአ። ኣብ ዝቐጽል ስእሊ ከኣ ንስክሪን ሕቖኣ ሂባ ትኣቱ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ መጀመርታ ናብ ተዓዘብቲ ገጻ ትመጽእ ነይራ፣ ኣብ ካልኣይቲ ስእሊ ሕቖኣ ሂባ ትኸይድ። እዚ ከኣ ቀጻልነት ናይ ዘይምሕላው ጉድለት ይቑጸር።

### ብርሃን

ስራሕ ብርሃን ክንጆ ተዋሳእትን ቦታታት ፍጻመ ምንጻር፡ ናቱ ሃዋህው ዝፈጥሮን መንፈስ ምርኢታት ዝኸሕልን ኣገዳሲ ዕዮ እዩ። ኣብ ውሽጢ ህድሞ ዝተሳእለ ብዙሕ ምርኢታት ልዕሊ ግቡእ ዓቐን ብርሃን ስለ ዝተዋህቡ፡ እቲ ኣብ ህድሞ ክህሉ ዝኽእል ንቡር መጠን ብርሃን ጠፊኡ። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ብዙሓት ምርኢታት ከኣ ዋሕዲ መጠን ብርሃን ተራእዩ። ኣብ ክንዲ ብብልሓታዊ መገዲ ንናይ ለይቲን ጸልማትን ብርሃን ምስራሕ፡ ኣይሪስ ልዕሊ ዓቐሙ ተኸፊቱ ዝተሳእለ ስእልታት ሽሸታ ዓብለሉዎ ቀሪቡ። (ንኣብነት፡ ኣብ መበል 34 ደቒቕ ገ/ሄር ለይቲ ኣብ ማዕጾ እንዳ ደመት ክኹሕኩሕ ከሎ ዝርአ ስእሊ።)

### ቀጻልነት ብርሃን

ኣብ ውሽጢ ብዙሕ ምርኢታት ናይዚ ፊልም ዘሎ ብርሃን ብኣንፈትን መጠንን ቀጻልነት ኣይነበሮን። ንኣብነት፡ ኣብ መበል 7 ደቒቕ ዘሎ ናይ ደመት ቅላዕት (ሾትስ) ገለኡ ኣብ ወጋሕታ ጸሓይ ከይወጸት ዝተሳእለ ክኸውን እንከሎ ዝተረፈ ከኣ ጸሓይ ምስ ወጸት ዝተሳእለዩ። እዚ ኸኣ ርኡይ ምብታኽ ስእላዊ ዋሕዚ ኣንጸባሪቑ። እዚ ጸገምዚ ኣብዛ ፊልም ብተደጋጋሚዩ ተራእዩ። ንኣብነት ኣብ መበል 24 ደቒቕ ልክዕ ኣብዛ ዝተጠቕሰት ቦታ እዚ ጉድለት እዚ ተደጊሙ። ካልእ ኣብዛ ፊልም ዝነበረ ጸገም ብርሃን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቅላዕት በበይኑ ዓይነት ብርሃን ናይ ሓደ ቦታን ኣብኡ ዘለዉ ሰባትን ተርእዩ። ንኣብነት፡ ኣብ መበል 18 ደቒቕ ኣብ እንዳ ስዋ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ዘሎ ፍልልይ ብርሃን ተራእዩ።

### ሕብሪ

ኣብ ብዙሕ ምርኢታት፡ ብፍላይ ኣብ ናይ ደገ ፡ ኣጠቓቕማ ብርሃን ዝጠንቁ ዝፋሕሸወ ስእልታት ተራእዩ። ብዘይካዚ፡ ብሰንኪ ሚዛን ሕብሪ (ዋይት ባላንስ) ዘይምቕማጥ፡ ኣመና ናብ ሰመያዊ ዝተቐየረን ሕብሩ ዝተወጃበረን ኣሳእል ቀሪቡ።

ብተወሳኺ ብሰንኪ ኣጠቓቕማ ብርሃን ኣብ ገለ ምርኢታት ኣብ መንጎ ቅላዕት ናይ ሕብሪ ቀጻልነት ጸገማት ተራእዩ። ንኣብነት ኣብ መበል 1 ሰዓትን 29 ደቒቕን፡ ገ/ሄርን ኤርምያስን ኣብ ገዛ ከዕልሉ ከለዉ ናይ ገ/ሄር ስእሊ ሰመያዊ፡ ናይ ኤርምያስ ከኣ ናብ ብጫ ገጹ ዝኸደ ሕብሪ ኰይኑ ቀሪቡ።

### ድምጺ

ብሓፈሻኡ ኣብዛ ፊልም ዘሎ ዓይነት ድምጺ፡ ንሲነማ ዘይበቅዕን፡ ብዙሕ ተክኒካዊ ጉድለታት ዘጠቓለለን ምንባሩ ምግላጽ ይከኣል።

- ኣብ 2 ደቒቕ ገ/ሄር ሻምብቆ ክሃርም ከሎ እቲ መዚቃ ዳብ ዝኾነ ናይ ስቱድዮ ደርፊ ብምዃኑ ኣእማኒ ኣይነበረን።
- ግራውንድ ዝጉብር ድምጺ ኣብ መበል 15 ደቒቕ ይስማዕ
- ኣብ 24 ደቒቕ ሽሽታ ይስማዕ
- ኣብ 1 ሰዓትን፡ 04 ደቒቕን ኣብ እንዳ ኣውቶብስ ዘሎ ንምስማዑ ኣሸጋሪ ድምጽታት
- ኣብ 1፡45 ዘሎ ናይ ዓመጽ ምርኢት ናይቲ ወዲ ውጫጪ ድምጺ ኰይኑ ረባሺ ነይሩ።

# ሕግን ሕብረተሰብን

ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ብሽምግልና ክፍታሕ ኣብ ውዕል ዝተቐመጠ ግዴታ ንምፍጻም ዝቐርብ ምልክታ ዘኽስስ የብሉን ድዩ?

*ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ዝሬጸምናዮ ውዕል ከም ዘጠቓልሉ ምስ መወዓልተይ ካብቲ ውዕል ዝብገስ ዝኾነ ዘይምርድዳእ እንተደኣ ኣጋጢሙና እቲ ጉዳይ ብሽምግልና ክንፈትሖ እዩ ስምምዕና። ኣጋጣሚ ኮይኑ ድማ ዘይምስምማዕ ተኸሲቱ፡ ብመሰረቱ ከም ውዕልና መሰረት ጉዳይና ናብ ዝመረጽናዮም ሽማግለታት ከወርዶ ሕቶ ኣቕሪበ - ኣይተቐበሎን። 'መወዓልተይ ዝኣተዎ ግዴታ ክፈጽም ስለዘይከኣለ ከም ውዕልና መሰረት ሽማግለታት መሪጽና ጉዳይና ናብ ሽምግልና ክቕርብ መወዓልተይ ክግደደለይ' ኢለ'ውን ናብ ቤት ፍርዲ ምልክታ ኣቕሪበ፡ ዘኽስስ ምኽንያት የብሉን ተባሂለ ተጸጊዐ ዘቕረብክዎ ክሲ ብሸምዚ ክጸግዕ ሕጋዊ ባይታ ኣሎ ድዩ?*

*ክብረኣብ ገብረሚካኤል*

ማሲጋገሪ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ዓንቀጽ 33(2)፡ ሓደ ሰብ ክሲ ወይ ምልክታ ቅድሚ ምቕራቡ ነቲ ክሲ ማጠበሲ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ጉዳይ ጥቕሚ ወይ መሰል ዘለዎ ምዃኑ ክረጋግጽ ከምዝኾኖኡ ብግልጺ ተደንጊጉ ኣሎ። ከምዚ እንተደኣ ኮይኑ ኸ፡ ሓደ ጉዳይ ብሽምግልና ንምፍታሕ ካብ ዝተሰማምዑ ወገናት ሓደ እዚ ግዴታ'ዚ እንተደኣ ኣፍሪሱ፡ እቲ ሓደ ወገን ኣብ ልዕሊ እቲ ጉዳይ ዘለዎ ጥቕሚ ክገልጽ ኣይክእልን'ዩ ተባሂሉ ዝቐረበ መዝገብ ክዕጾ'ዩ ማለት ድዩ?

ብመሰረቱ ዝቐረበ ነጥቢ፡ ኣብ መንጎ ተወዓዓልቲ ብዘተጉብረ ውዕል መሰረት፡ ነቲ ዝተፈጥረ ዘይምስምማዕ ዝፈትሑ ሽማግለቲ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ከምርጹ ሓታቲ ዘቕረቦ ሕቶ ዝምልከት እዩ። እዚ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ፡ ክሰሲ መልሲ ከምዝሀብ ቅድሚ ምግባሩ፡ እዚ ሕቶ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝእንገድ ኣይኮነን ብምባል ብመሰረት መ/ሕ/ሲ/ስርዓት ዓንቀጽ 231 ብምጥቃስ ዝተዓጽወ እዩ።

ብመሰረት መሲጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ዓንቀጽ 1731፡ ሕጊ ብዘፈቕዶ ኣገባብ ዝተማስረቱ ውዕላት ኣብ ልዕሊ እቶም ተወዓዓልቲ ወገናት ልክዕ ሕጊ ምዃኖም እዩ ተጠቒሱ ዘሎ። ስለዝኾነ፡ ከሳሲ ዝኾነ ወገን ተጣሒሱኒ ዝበሎ መሰል ንምኽባር፡ ዳንኬት ዝሓተሉ ምንጪ ወይ መሰረት መሰሉ ውዕል ወይ ሕጊ ከምዝኾነ ንምርግጋጽ ምዃኑ ግልጺ እዩ። ስለዚ፡ ከሳሲ ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲ ዝሓቶ ጥቕሚ ወይ መሰል ብምርግጋጽ ምልክታ እንተደኣ ኣቕሪቡ፡ ናይቲ ክኽበረሉ ዝደለ መሰል መሰረት ሕጊ ወይ ውዕል ምዃኑ ብግልጺ ክርኤይ ኣለዎ። ንሸኻ ሓታቲ ድማ መሰረት ክሸኻ ዝሬጸምክምዎ ውዕል ምዃኑ ኢኻ እትጠቕሶ፡ ስለዚ... በዚ ክብ ኣሉ ዝዘርዘረ መብርሂታት ሓታቲ ናብ ቤት ፍርዲ ዘቕረቦ ጉዳይ ዘኽስስ ምኽንያት የብሉን ተባሂሉ ክዕጾ ምኽኣሉ ዝኾነ ሕጋዊ ባይታ የብሉን፡ ምኽንያቱ ብውዕል ዝተማስረተ ግዴታ ንምፍጻም ዝቐረበ ዝኾነ ይኹን ምልክታ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ክእንገድን ውሳኔ ክረኽበን ዝግብኦ ስለዝኾነ።




## መዓስ'ዩ ሕጋዊ ወራሲ ካብ ውርሻ ክንቀል ዝኽእል?

*ብዓልቤተይ ኣርባዕተ ቈልዑ ወሊዱለይ ሰበዋ ጉዳፉ ካብዝ ዓለም ተፈልዩ። ኣብ ሰበዋኡ ካብ ቀዳመይቲ ሰበይቱ ዝወለዶ ክልተ ደቁ ብሂወት እንከለው ካብ ንብረቱ እኛሞም ወሲደም ስለዝኾኑ ዝተረፈ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ መንበሪ ገዛን ኣብ ባንክ ዘሎ ገንዘብን ኑዶም ካባይ ዝወለዶም ኣርባዕተ ደቁ'ምበር ኑዶም ካብ ቀዳመይቲ ዝወለዶም ደቁ ከምዘይምልከቶም ብንጹር ገሊጹ። እዚ ሰበዋ'ዚ ክዳደቀለይ ከላ ናብ ቤት ፍርዲ ምልክታ ኣቕሪበ፡ ሓደ ካብቶም ካብ ቀዳመይቲ ዝተወልዱ፡ ኣቦና ኣብ ሰበዋኡ 'ካብ ቀዳመይቲ ዝተወለዱ እኛሞም ወሲደም እዮም' ብምባል ጠቒሱዎ ዘሎ ጌጋ'ዩ ድሓር ከኣ ንዓና ንደቁ ብሰበዋ ክንጽለና ወይ ክነቕለና ሕጋዊ ኣይኮነን ብምባል ተቓውሞ ኣቕሪቡ ኣሎ'ሞ፡ ኣብ'ዚ መዳይ እዚ ሕጊ ኤርትራ መሰረት ብምግባር ምኽሪ ለግሱለይ። ብምንታይ ምኽንያት ድዩ ሓ ሕጋዊ ወራሲ ካብ ወርሻ ክንቀል ዝኽእል?*

*ወ/ሮ ለተሚካኤል ገብረንጉስ*

ወ/ሮ ለተሚካኤል፡ ኣቕሪብክናኦ ዘለኽን ሕቶ ብቐጥታ ምስ ምንቃል መሰል ውርሲ ዝተኣሳሰር እዩ። ኣብ ሕቶኽን ከም ጭቡጢ ተታሒዙ ሕጋዊ መልሲ ክወሃቦ ዝግብኦ፡ 'ብዓልቤትክን ኑዶም ካብ ቀዳመይቲ ሰበይቱ ዝወለድዎም ክልተ ደቆም፡ 'እኛሞም ስለዝወሰዱ' ብምባል ካብ ውርሻ ምንጻሉ ወይ ምንቃሉ' ሕጋዊ ባይታ ኣሎዎ ድዩ? ዝብል ነጥቢ እዩ። ኣብ መሲጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ እንተደኣተመልከትና ምስ ምንቃል ካብ ውርሻ ቀጥታዊ ዝምድና ዘለዎም ድንጋጌታት ዓንቀጽ 937፡ 938ን 939ን እዮም። ዓንቀጽ 937፡ ሓደ ተሳባዊ ናይ ሕጊ ወረስቱ ንምንቃል ብዘዕባ ዘለዎ መሰረታዊ ስልጣን እዩ ዝዘረብ። እዚ ኮይኑ እቲ መትከል፡ ሓደ ተሳባዊ ወይ ተናዛዚ ንወዱ/ጓሉ ወይ ደቁ ካብ ወርሻ ክነቕሎም እንተደኣኮይኑ ግን፡ ኣብ ሰበዋኡ ነቲ ምንቃል ቅቡል ዝገብሩ ምኽንያታት (reasons that justify the disherison) ክገልጽ ብዓንቀጽ 938 ይግደድ። ኣብዚ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ነጥቢ፡ እዚ ዓንቀጽ እዚ፡ ተሳባዊ ንደቁ ወይ ካብ ደቁ ክንቀል ኣብ ዝደልየሉ እዋን ኣብ ሰበዋኡ ክጠቕሶም ዝግብኦ ምኽንያታት እንታይ ምዃኖም ግን ኣይገልጸን እዩ። እዚ ነቲ ሰበዋ ዝፍጽም ሰብ እዩ ተገዲፉ ዘሎ። ካብዚ ንገዝኦ ከኣ፡ ንደቁ ወይ ካብ ደቁ ክነቕል ኣብ ዝደልየሉ እዋን፡ 'ተሳባዊ ክጠቕሶም ዘለዎ ምኽንያታት' ተባሂሉ ብሕጊ ደረት ኣይተገብረሉን። እታ ሓንቲ ኣብ ልዕሊ ተሳባዊ ዝተቐመጠት ደረት፡ ነቲ ምንቃል ቅቡል ዝገብሩ ምኽኒታት ምስፋር እያ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ቤት ፍርዲ፡ 'እቲ ብተሳባዊ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ነቲ ምንቃል ቅቡል ይገብሮ ዶ ኣይገብሮን?' ጥራይ እዩ ዝውስን። ብዘዕባ ሓቅነት ወይ ቅኑዕነት እቲ ኣብ ሰበዋ ዝሰፈረ ምኽንያት መንቀሊ ክጸሪ ወይ ክውስን ግን ብዓንቀጽ 938(2) መሲጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ስልጣን የብሉን። በዚ መሰረት፡ ዝኸበርክን ሓታቲት፡ ብዓል ቤትክን 'ካብ ቀዳመይቲ ሰበይተይ ዝተወልዱ ክልተ ደቀይ ብሂወት ከለኹ እኛሞም ወሲዶም' ብምባል ዘቕረብዎ ምኽንያት መንቀሊ፡ ነቲ ምንቃል ቅቡል ይገብሮ ድዩ ኣይገብሮን'ዩ ጥራይ'ዩ ክምርምሮ ወይ ክውሰን ዘለዎ። ዝቐረበ 'እዚ ጉዳይ'ዚ ካብ ሓቅነት ዝረሓቐ እዩ' ዝብል ተቓውሞ ኣብ ሕጊ ተቐባልነት የብሉን። ምኽንያቱ፡ ብተሳባዊ ዝተጠቕሰ ምኽንያት መንቀሊ ከም ሓቂ እዩ ዝቑጸር። ብወገንና፡ ሓቅነት ኣብ ሰበዋ ዝተጠቕሰ ምኽንያት መንቀሊ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይወርድ ክሳብ ዝኾኑ፡ ብዓልቤትኪ ዝጠቐሶ ምኽንያት መንቀሊ ነቲ ምንቃል ቅቡል ዝገብር ኩይኑ ኢና እንረኽቦ።




# ብርያን ኣዳምስ

## መን ክብል ?

ጉብሩ ክብረኣብ

**ምሉእ ምስ፡ ብርያን ጋይ ኣዳምስ**
**ዝተወልደሉ ዓመት፡ 1959**
**ዓዲ፡ ካናዳ**
**ሞያ፡ ድምጻዊ - ሙዚቀኛ - ተዋሳኢ**



ኣብ ዝሓለፉ 30 ዓመታት ኣብ ዓውዲ ደርፊ ብጽልዋኡ ሓደት መዳርግቲ ጥራይ ኒዮረሞ። ቅልጥፍ ኢሉ ልቢ ሱብ ብዝረክብ ቀሲቃሲ ደሃዩ ዝያዳ ይልሉ። ኣብ መድረኽ ብዘርእዮ ብቕዓትን ወዐወዐ ስምዒት ዘፈጥር ሓይሊን ከም ስነጥበበኛ ናብ ምሉእነት ኣብሉ ይወስዶ። ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዝኾውን ቅድሓት ደርፊታቱ ተሸይጡ'ዩ። እዚ ኸኣ ኣብ መላእ ዓለም ሓደ ካብቶም ልዑል ሽያጥ ዘመዝገቡ ብሉጻት ስነጥበበኛታት ደረፍቲ ኣጻዊዕዎ። ኣብ ምሉእ ታሪኽ ካናዳ በቲ ንሱ ዝመልኮ ቅዲ-ርክ ካብ ዝተዓዩ ኣልበማት ክንዲ ናቱ ዕዳጋ ዝረኸበ የልቦን - ስነጥበበኛ ብርያን ኣዳምስ።

እቲ ፋልማይ ናይ ዝና እዋኑ ብመንገዲ ኣልበም - 'Cuts Like a Knife' (ከም ካራ እትወግእ) ኩይኑ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ነበረ። ዓለም ለኽ ስነጥበበኛ ክኾውን ዝሓገዞ ኢታ ናይ 1984 ኣልበም- 'ሬክለስ' 'ያ። ኣብ 1991 ድማ ኒታ ብዙሕ ዝተፈልጠት ኣልበም 'Waking Up the Neighbours' (ምብርባር ጐረባብቲ) ተሓቲማ። ካብታ ኣልበም ንጽል ደርፊ "'(Everything I Do) I Do It for You"(ዝገበርኩ ዘበለ ምእንታኺ'ዩ) ብደረጃ ዓለም ኣብ ታሪኽ ንጽል ደርፊታት፡ ብሉጽ ሽያጥ ኣመዝጊቡ።

ኣብ መዚቃ ብዘርኣዮ ዘደንቕ ወህበትን ክእለትን ብዙሕ ሽልማታት ዓቲሩ'ዩ። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡ ኣብ ሽልማት ጁኖ 56 ግዜ ተረቒሑ 20 ሳብ ድማ ተሸሊሙ። ኣብ ሽልማት ግራሚ 15 ግዜ ተረቒሑ፡ ንሓደ ዝኾውን ደርፊታት ብምድላው ድማ ሽልማት ግራሚ ዓቲሩ። ኣብ 2008 'ቢል ቦርድ' "ኣብ ታሪኽ ዓለም 100 ዝበለጹ ስነጥበበኛታት" ብዝበል ኣብ ዘውጽኦ ተርታ፡ ማብል 38 ኩይኑ።

ኣዳምስ ኪንግስተን ኣብ ዝበሃል ከባቢ ኣብ ካናዳ ተወሊዱ። ኣቦኡ ካፕቴን ኮንራድ ኣዳምስ ኣደኡ ድማ ኤሊዛበጥ ጀይን ኣዳምስ ይበሃሉ። ወለዱ ኣብ ሓምሳታት ካብ ዓባይ ብሪጣንያ ናብ ካናዳ ዝተሰዱ ምኻናም ይፍለጥ። ካፕቴን ኮንራድ ፈለማ ኣብ ሃገራዊ ሰራዊት ካናዳ ዝተሰለፈ ጸኒሑ ግን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣባል ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ዝኾነ'ዩ። ኣባል ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ኩይኑ ከይተርፍ'ውን ምስ መንግስቲ ካናዳ ብምስምማዕ ኣብ ወጻኢ ዝምደናታት ኣተኩሩ ዲፕሎማት ብምኻን ኣገልጊሉ። በዚ ዝኣክል መንበርኡ ቀዋሚ ዘይኩነስ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ወይ ካብ ሃገር ናብ ሃገር እናተንቀሳቐሰ ነበረ። ምንቅሳቓሳቱ ንቦሎቲ ቤቱን ደቁን ስለዝጸለዎም ድማ ንሳየም'ውን እግሪ እግሩ ክስዕቡ ግድን ኩይኑ። ብርያን ኣዳምስ ኣብ ፈለማ እዋናት ታሪኹ ብርክት ዝበሉ ምድሪታት ክበጽሕ ዘኽኣሎ እምበኣር እዚ'ዩ። ኣብ ሱሳታትን ኣብ ፈለማ ሱብዓታትን ጥራይ ካብ ካናዳ ብምብጋስ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ እስራኤል፡ ፖርቱጋልን ኦስትርያን በጺሑ።

ኣዳምስ ኣብ ንእሰ ዕድመኡ ፍቕሪ መዚቃ ከምዝነበሮ ኣለልዩዎ'ዩ። ብዝዕባ ወትሩ ስምዒቱን ክገደስ ዝደረኾ ድማ እቲ ወትሩ ካብ ሬድዮን ካልእ ናይ ሚድያ ናውቲን ዝሰምዖ ዝነበረ ደርፊታት'ዩ። መዚቃ ምስማዕ ጥራይ ዘይኮነ ምጽዋት'ውን እናተፈተዎ ድማ ዓብዩ። ካብ መሳርሒ መዚቃታት ዝያዳ ካልኦት ባህ እትብሎ ዝነበረት ድማ ጊታር'ያ። ንደሃያታን ኣገባብ ኣጸዋውታኣን ብዙሕ የፍቅሮም ኒይሩ። ኒታ መሳርሒ መዚቃ መሊኾም ዝጻወቱ ሰባት እንክርኢ ድማ፡ ይሰሉብን ብሓሳቡ ንዓኣቶም ተኪኡ ይጻወትን ነበረ። ከምዚታት ምስጠዘሉ ጊታር ምውናን ቀዳምነት ናብራኡ ምኻኑ ተረኢዩዎስ ክዕደግ ወሲኑ። እንተኾነ በቲ ግዜስ ንጊታር መዕደጊ ዝኸውን ገንዘብ ክረክብ ዓቕሚ ነበሮ። ኣብ ማብል 14 ዓመት ዕድመኡ ኣብ ሓደ ማንም ቤት-ሻሂ ከም ሓጻቢ-ድስቲ ተቘጺሩ ክሰርሕ ምውሳኑ እምበኣር ቀዳምነት ንዝበሎ መሳርሒ መዚቃ ንምዕዳግ ኩይኑ። ጊታር ክውንን ምስ ክኣለ ክጻወት'ውን ምስበቖዐ እቲ ካልኣይ ዓቢ ጉዳዩ ምምስራት ጉጅለ መዚቃ ኩይኑ። ካብዚ ዝተበገሰ ንሱ ኣዕሩኽቱ ብምእካብ ዝፈጠራ ባንድ ኣብ ማእከል መንበሪ ገዝኦም ተመስሪታ። ኣዳምስ ፈለማ ጊታሪስት ኩይኑ፡ ጸኒሑ ግን ኣብታ ጉጅለ ዝልለ ድምጻዊ ስለዘይተቐበሉ ደርፊ'ውን ጀመረ። ደቂ ጉጅለኡ 'ሓፊሽን ላዛ ዘለዎን ደሃይ ትውንን ኢኻ' ዝበል ደፍኢት ስለዘገበረሉ ድማ'ዩ ንምድራፍ ዝደፈረ። ኣብታ ባንድ ክትክእ ወይ ክበልጾ ዝኽእል ድምጻዊ ስለዘይተረኽበ እምበኣር ጎኒ ጸወታ ጊታር፡ ምድራፍ ቀጺሉ።

እዚ ምስ ኾነ ብዑሚላ ኣደራርፋኡን ጣዕሚ ደሃዩን ዝተመሰጡ 'Shock and Sweeney Todd' ዝተሰምዩ ካልእ ባንድ፡ 'ኣልቡም ክሕትም ስለዝሓሰብና ከምድምጻዊ ምሳና ክትዓዪ ፍቓድካ ንሓትት?' ክብሉ ሕቶ ኣቕረቡሉ። ኣዕይንቱ ኣይሓሰየን። ኣልቡም - 'If Wishes Were Horses' (ትምኒታት ኣፍራስ እንተኾኑ) በቲ ሽዑ 15 ዓመት ዝደፈነ ኣዳምስ ክትድረፍ ምኽኣሉ በዚ ምኽንያት'ዩ።

ኩተተ ክንሱ ኣልቡም ክሳብ ዝሓትም ስለዝሰጎመ ኣብ ኣካዳሚ ብርቱዕ ጽልዋ ፈጠረሉ። እናኸመሃረ ጸወታ መዚቃን ደርፊን ስለዘተራእዮ ከኣ ኑቲ ትምህርቲ ጠንጠኖ። ዝበዝሐ ምውዓሉ ድማ ኣብ ለይታዊ ትልሂታት ኩይኑ። ኣብ 1978፡ ኣዳምስ 18 ዓመት ምስ መልአ፡ ጂም ቫላንስ ምስ ዝተባህለ ተጻዋቲ መዚቃን ክኢላ ስቱድዮን ተላለዩ። እዚ ሌላ'ዚ ንዕምሮም ምሉእ ስለዝለበረ ድማ ብሉጽ ዕዮታት ከርእዩ ኣኽኢልዎም። ኣዳምስ ምስ ቫላንስ ድሕሪ ምልላዩ፡ 'A&M records' ምስ ዝተባህለ ትካል መፍረ መዚቃ ፈረመ። እትዋቱ ወይ ደሞዙ ድማ ሓደ ዶላር ጥራይ ነበረ። ኣብቲ ናይ ፈለማ ዕዮታቱ፡ ክፍለጣ ዝኸኣላ ሓደ ሓደ ንጽላት ኣፍርዩ'ዩ። 'I'm Ready' 'ድሉው'የ'፡ 'Remember' 'ዘክር'ን 'Let Me Take You Dancing' ንዕናይ ንሳዕስዕ'ን ገለ ካብኣተን'የን።

ከም ፋልመይቲ ኣልበም ኣዳምስ እትጥቀስ ብስሙ ኣርእስቲ ዝተጉበረላ ኩይና፡ ግጥሚ ኣብ ምግባር መዚቃ ኣብ ምቅንባርን ምስ ጂም ቫላንስ ሓቢሮም ዝጻደይዋ ኒይራ። እዛ ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ማንታ ኣብ ዝበሃል ስቱድዮ ዝተቐድሐት ኣልበም ኣብ 1981 ኣብ ሃገራዊ ሽልማት ካናዳ ወርቂ ተቐቢላ።

ኣብ 1986 ዝተሓትመት ካልኣይቲ ኣልበሙ 'You Want It, You Got It' 'ውን ብተመሳሳሊ ጸቡቕ ክእለት ዝተንጸባረቐላ'ኳ እንተኾነት፡ ኣዳምስ ኣጸቢቑ ክፍለጥ ግን ሳልሰይቲ ኣልበም'ያ ተጻዊታ።

ካብ'ታ ብዙሕ ዘፍለጦ ኣልበም "Cuts Like a Knife" ንጽል ደርፊ 'Straight from the Heart' 'ካብ ልቢ' ዝያዳ ካልኦት ተፈቲያ። ክሳብ መፋርቕ ተሰዓታት ሙብዝሕትኡ ኣብ መድረኽ ዝደረፎ ንጽላት ብምምላእ ዝተፈልጠ ኣዳምስ ኣልበማት ክሓትም ምስ ጀመረ፡ ኣብ 1998 'On a Day Like Today' 'ከምዚ ኣብ እትመስል መዓልቲ' ተሓቲማ። እታ ኣልበም ኣብ ካናዳን ኣመሪካን ኣብ ሽልማት RIAA'ኳ እንተዘይኣተወት ኣብ ካልኦት ሃገራት ግን ግሉን ስም ረኺባ። ንኣብነት ኣብ ጀርመን ምስ ብሉጻት ሓሙሽተ ኣልበማት ተሰሪዓ። ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ድማ ፕላቲንዩም ተሸሊማ።

ድሕሪዚ'ውን ሚለንዩም ንምድማቕ ኣብ ዝተኻየደ ጸንብላት ኣዳምስ 'The Best of Me' 'ምሩጽ ፍርያተይ' ብዝብል ኣርእስቲ ክልተ ሓደስቲ ብምውሳኽ እኩብ ደርፊታቱ ዘርጊሑ። እቲ ስራሕ ድማ ዕዉት ነበረ። ኣብ ኣስታት ፍርቂ ወከፍ ሰለስተ ዓመት ሓደ ኣልበም ክሕትም ዝኽእል ዝነበረ ኣዳምስ ኣብ 2008 ማብል 11 ኣልበሙ ዘርጊሑ። ኣብ ካናዳ መዳርግቲ ተሳኢንዋ። ኣብ ጀርመን ካልኣይ ደረጃ ሒዙ። ኣብ ኣመሪካ ግን ማብል 80 ተሰሪዓ።

ብርያን ኣዳምስ ኣብ ምድራፍ ከይተሓጽረ ብዙሕ ስነጥበባዊ ፍርያት ኣቕሪቡ'ዩ። ብርክት ዝበሉ ግጥሚታት ጽሒፉ፡ መንጸፍ ፊልምታት ንክኾውን መዚቃታትን ግጥሚታትን ኣዳልዩ። ኣብ ፊልም'ውን ከም ኣፍራዱን ተዋሳኢን ተራእዩ።



# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

BISHA MINING

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions for its Bisha Site Project;

1. Position:- Medical Officer-Lab. Technician
Number required 01 (One)
For indefinite period

Major Duties and responsibilities:-

- Perform all medical laboratory tests: Blood chemistry, complete Blood cell count, Blood grouping and Rapid immunologic Tests, Blood Film for Haemoparasites including Malaria, Urine Chemistry and Microscopy and stool exam. Microbiologic tests for Sputum and other specimens. Lead Blood Test. Calibrate and Standardize Sysmex KX – 21N CBC machine and Reflotron- plus Blood Chemistry Analyzing Machine.
- Patient laboratory Data Collecting and Reporting Laboratory data as per the Mine Clinic Standards.
- Proactive request for laboratory reagents.
- Proper maintenance of all Laboratory equipment and reagents.
- Regular calibration of lab equipment's.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | Graduate with Diploma in Laboratory Technician. Experience and knowledge of laboratory equipment. |
| Working Experience – Nature & Length | Minimum of 3- years of work experience as Lab technician<br>Currently working as Laboratory technician<br>Experience in procurement of commonly used Lab equipment & reagents.<br>Knowledge and experience in disease reporting as of MOH requirements. |
| Leadership Experience – Nature & length of time | Team leader in medical laboratory. |
| Other skills and abilities | Good command of English language<br>Good Computer Skills(certificate of training)<br>Knowledge of local languages will be advantageous.<br>Safety oriented. |

2. Position:- Technical Services Manager
Number required 01 (One)
For indefinite period
Major Duties and responsibilities:-

- Provide management and leadership to the Technical Services of the operation.
- Heading operations of Geology, Geo-Technical, Long Term Planning, Pit Optimization and Mine Evaluation activities.
- Interface with Mining, Process and Maintenance departments to ensure success of open pit mining and processing operations.
- In liaison with Operations, assign technical staff to projects as required.
- Coordinate and assist in the training and upgrading of a National workforce through successful skills transfer.
- Implement employee performance management processes to ensure optimum employee performance.
- Pursue and manage the provision of professional and technical services to third parties, such as scoping studies, (pre)feasibility studies etc. This will include the outsourcing of certain tasks and the management of external service providers.
- Ensure that resources are allocated, bidding and risk assessment procedures are established and followed and deadlines are met.
- In liaison with the Operations Manager, prepare and manage a yearly budget for the Technical Services department and report on deviations from the budget.
- Manage the Technical Services function. Specifically, ensure that resources are available and managed to provide adequate and timely support to operations.
- Ensure that activities are carried out in conformance with all BMSC policies inclusive of cultural, social, safety and environment.
- Proactively promote a positive Site safety and environmental management culture

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | Degree in Geology or Mining Engineering |
| Working Experience – Nature & Length | Minimum of 15 years' experience in Mining Environment<br>Feasibility studies, Permitting and Sarbanes-Oxley-Act (SOX).<br>Experience in Volcanogenic Massive Sulfide ore deposits (VMS). |
| Leadership Experience – Nature & length of time | At least 10 years' experience in Managing a Multi-Disciplinary Technical services work force. |
| Other skills and abilities | Excellent knowledge of related computer applications<br>Fluent in English and report writing. |

3. Position:- IT Support Officer
Number required 01 (One)
For indefinite period
Major Duties and responsibilities:-

- Desktop, laptop and printer hardware maintenance
- Windows Operating System and Application Support & Installation
- Assisting Systems and Network engineers with project work
- Logging of all end user support requests

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | IT related Degree or Diploma |
| Working Experience – Nature & Length | 2 years minimum in an IT related role |
| Leadership Experience – Nature & length of time | None |
| Other skills and abilities | • Ability to educate others on the operation of computers and applications.<br>• Strong command of English language. |

General Information and other requirements:

- Place of Work: Bisha site.
- Type of contract: Indefinite period
- Salary: As per Company salary scale.
- Additional requirement for Nationals:
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender and,
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.
- Address: Please mail your applications to;
  Bisha Mining Share Company,
  P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:**
Please send a copy of your application to
Aliens Employment unit ,
P. O. Box 7940,
Asmara, Eritrea

# NOTICE

The notice here by given to the Public that ZEFAM P.L.C in it's extra ordinary meeting held on May 27, 2014 resolved that Mokenen Zerai Hailu appointed to be General Manager of the company for three years.

ZEFAM P.L.C

# ምልክታ

ብስም ነፍ/ወ/ሮ ሻሹ ናይዝጊ ደስታ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ከባቢ ሰምበል ፕሎት S202 ፓርሰል ዞን ASP00000404 ዝርከብ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለይ ቁጽሪ ንብረት 1:000794 ዝተመዝገበ ምስክር ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ምስ ምሉእ ሰነዳቱ ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺበዮ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል ሰብ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ተሌፎን 07412671 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ሃይለ ገብረሚካኤል ሰዩም

# ምስጋና



ብሞት ኣደና ወ/ሮ ኣብረሀት ተኽለጼን፡ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ዘቃበርኩምናን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

ስድራቤት ነፍስሄር ሃይለ ቴዎፍሎስ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብምኽንያት ሞት ጓልና ዲና ኣርኣያ፡ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ጀርመን ይኹን ኣብ ኤርትራ ተመላሊስኩም ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ኣቡኣ ኣርኣያ መልኣከጽዮን ቀሺ ወልደገርግሽ
ኣደኣ ግደይ ርእሶም
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት ኣዝየ ዘፍቅራን ዘኽብራን፡ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ፍረወይኒ ተኽለማርያም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ እዋን ሕማማ ብምምልላስ ዘበጻሕኩሙናን ኣብ ግዜ ዕረፍታ ሬሳ ካብ ሱዳን (ካርቱም) ኣብ ምብጻሕ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝገበረኩም ቤተሰብን ፈተውትን ከምኡ'ውን ኣብ ኣስመራ ጸጸራት ዘቃበርኩሙናን ኣብ ገዛና ብምምጻእ ይኹን ብተሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩሙናን ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓል ቤታ የማነ ብዑኣምላኽ
ምስ ምሉኣት ስድራቤትን



ብሞት ክብርቲ ኣደና ወ/ሮ ብርኽቲ ሃብተማርያም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገልጽና፡ ኣብ መካነ መቓብር ቤተ ገርግሽ ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ዘቃበርኩሙናን ቤተ ክህነት ምእመናትን ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ብተሌፎን ብምድዋል ካብ ውሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩሙና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት ኣዚና እነፍቅሮ ሓውና ኣቶ ገብረንጉስ ተስፋጊዮርጊስ (ወዲ ዓለምጸ)፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ሬሳ ካብ ጀርመን (ሃንቦርግ) ኣብ ምልኣኽ ዝተሓጋገዝኩሙና ኩሉኹም ኣሕዋትናን ፈተውትናን ብፍላይ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን ከተማ ሃንቦርግ ከምኡ'ድማ ካብ ወጻኢ ሃገር ስልኪ ብምድዋል ኣብ ገዛ ብምምልላስ ዘጸናናዕኩሙና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓዘና ንገልጽ

ስድራቤት ነፍ/ተስፋጊዮርጊስ ተስፋማርያም (ዓለምጸ)



ብሞት ክቡር ኣቦና መም/ገብሩ ክፍሉ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ሆስፒታል ገዛን ዘበጻሕኩሙናን ቤተሰብን ፈተውትን ሰራሕተኛታት ሆስፒታል ኦሮታ ድሕሪ ዕረፍቱ ክሳብ ዓዲ ባሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ብምኻድ ዘቃበርኩሙናን ገዛና ብምምልላስ ዘጸናናዕኩሙናን ከምኡ'ውን ካብ ውሽጥን ወጻእን ተሌፎን ብምድዋል ተኻፊልቲ ሓዘንና ዝኾንኩም ፈተውትን ቤተሰብን ብፍላይ ድማ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዕረፍቱ ዝረኣኹሞ ምትሕብባርን ምድንጋጽን ብልቢ እናኣመስገንና ንኹሉ ፈታውን ቤተ-ሰብን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከም ዝዓጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት ክቡር በዓል ቤተይ ወልዳይ ተወልደመድህን፡ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝተመላለስኩም ከምኡ'ውን ክሳብ ዓዲ ዓባስ ብምኻድ ዘቃበርኩሙናን ኣብ ገዛና ብኣካል መጺእኩም ዘጸናናዕኩሙናን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብተሌፎን ብምድዋል ተኻፊልቲ ሓዘንና ዝኾንኩም ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና፡ ሓዘንና ከም ዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ንግስቲ ገብረእየሱስ
ደቆምን ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤትን



ብሞት ክቡር ወድና መንእሰይ ዳኒኤል ገዛኢ ተወልደ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሆላንድ ኣብ ግዜ ሕማሙ እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩሙና ኣብ ግዜ ሞቱ ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩሙና ቤተ ሰብን ፈተውትን የዕሩኽቱን ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሆላንድ ከምኡ'ውን ኣብ ኣስመራ ኤሳ ተቐቢልኩም ኣብ መካነ መቓብር ሓዝሓዝ ሓመድ ኣዳም ዘላበስኩሙናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ዘጸናናዕኩሙና ካብ ወጻእን ውሽጢ ሃገርን ብተሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩሙናን ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝዓጸና ንገልጽ።

ኣደኡ መለጠሽ ኣፈወርቂ
ኣቦኡ ገዛኢ ተወልደ
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሃንደበታዊ ሞት ዘፍቅሮ በዓል ቤተይ ኣቶ ሚኪኤል ተፈሪ ተኽለ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ካብ ግዜ ዕረፍቱ ጀሚርኩም ሬሳ ካብ ርያድ ሱዑዲ ዓረብ ኣብ ምፍናው ዝተሓጋገዝኩሙና ኤምባሲ ኤርትራ ማሕበረኮም ሪያድን የዕሩኹቱን ፈተውቱን ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ስጋብ እምባደርሆ ብምኻድ ዘቃበርኩሙናን፡ ብተሌፎንን ፋክስን ዘጸናናዕኩሙናን ፈተውቱን የዕሩኽቱን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ተኽኣ ህብታይ
ምስ ደቃን ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት ኣዚና እነፍቅራ ኣደና ወ/ሮ ህድኣት ተስፋዝጊ ገብረሙሴ፡ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ እዋን ሕማማ ኣብ ሆስፒታል ብምምልላስ ዘበጻሕኩምና፡ ምስ ዓረፈት ክሳብ ዓዲ መንግቲ ዘቃበርኩምና፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፡ ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና የቐንየልና ንብል።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት ክቡር በዓል ቤተይ መም/ንኣምን ግርማይ ዝተሰማዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኮነ ድሕሪ ዕረፍቱ ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ካብ ካርቱም ዝተሓባበርኩምና፡ ከምኡ'ውን ካብ ወጻኢ ሃገር ቴሌፎን ብምድዋል ክሳብ ደብረሲና ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

በዓልቲ ቤቱ ሃና ሰለሙን
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት ክብርቲ ኣደና ወ/ሮ መዓዛ ኣብርሃ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ሕክምና ዝተመላለስኩም፡ ኣብ ግዜ ዕረፍታ ድማ ክሳብ ዓዲ ኩዶ ፈላሲ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና፡ መሳርሕታን ፈተውትን ቤተሰብን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና፡ ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ደቃ ሰላም ግርማይ፡ እሰይ ግርማይ፡ ደጎል ግርማይ
ምስ ኩሎም ስድራ-ቤት



ብሞት ክቡር ኣቦና ኣቶ መንግስ ቀሺ ጽገ ባህታ፡ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝተመላለስኩም ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ክሳብ ዓዲ ንኣምን ን/ዞ/ሎጎ ዓንሰባ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ደስታ ዛይድ ዓንደሚካኤል
ደቁን ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤትን



ብሞት ኣዚና እነፍቅራ ወላዲትና ወ/ሮ ጽርሃ ሙብራህቱ ስብሓት፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ገዛን ኣብ ሆስፒታልን ዘበጻሑሙናን ምስ ዓረፈት ክሳብ ኣድግና ብምኻድ ዘቃበርኩሙናን ካብ ውሽጥን ወጻኢ ሃገርን ብተሌፎን ዘጸናናዕኩሙናን ፈተውትን ቤተሰብን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ደቀን ሸዋየ ገብራይ፡ ዳዊት ገብራይ፡ ዘፋን ገብራይ

# ባብ ዝግትን

ዓንደም ጺጋይ

## ካርቱን

ካርቱን ንሕሉፍ፣ ህልዉን መጻኢን ኩነታት ዘንጸባርቕ፣ ንታሪኽ ብኣሕጽሮት ዝምዝግብ፣ ንዝተምሃሩን ዘይተማህሩን፣ ንዓበይትን ንኣሽቱን ብዝቐለለ መንገዲ መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ዘኽእል ሓደ ናይ ስነ ጥበብ (ኣርት) ሜላ'ዩ። ካርቱን ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ መላእ ዓለም ብዝሰፍሐ ኣገባብ ዝስራሕ ኣካል ስነ ጥበብ ብፍላይ ድማ ኣካል ቅብኣ/ ስእሊ ኮይኑ ሕጂ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ውጽኢት ናይ ብዙሕ ዓመታት ጻዕርን ተመክሮን'ዩ። መሰረት ካርቱን ቅድሚ 1000 ዓመት ቅ.ል.ክ ኣብ ዝነበረ ግዜ ከምዝኾነ ታሪኽ ይሕብር። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ኣብ ግብጺ ዝነበሩ ቀዳሞት ነባሮ መልእኽትታቶም ንምትሕልላፍ ካርቱን ከም ቀንዲ ሜላ ይጥቀሙሉ ምንባሮም ይዝንቶ። ህያው ምስክር ናይዚ ድማ ኣብ ግብጻዊ ብራናታት ናይ ልዕሊ ኣማኢት ኣሽሓት ዕድመ ዘለዎም ካርቱናት ይርከቡ።

ካርቱን ከም ኣካል ቅዲ ስእሊ/ ቅብኣ ብዝተፈላለየ መልክዕ ክስራሕ ዝከኣል ከም ምዃኑ መጠን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ካርቱን ኣለዉ። ካብቶም ቀንዲ ዓይነታት ካርቱን ንምዝርዛር

1. ኣስሓቒ ካርቱን (Gag cartoon)

መብዛሕትኡ ግዜ ንጽል ስእልታት ኮይኖም ምስ/ወይ ብዘይ ኣስሓቒ ጽሑፍ ይቐርቡ። ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ዓይነት ካርቱን ንሰባት እናስሓቕካ መልእኽትኻ ምትሕልላፍ'ዩ። ኣስሓቕቲ ካርቱን ብብዝሒ ዝዝውተሩ ኮይኖም ኣብ ገጻት ጋዜጣታትን መጽሔታትን ዝእንገዱ'ዮም።

2.ንግዳዊ ካርቱናት (Commercial cartoon)

ንምህርትን ፍርያትን ትካላትን ንምውዕዋዕ ዝዓለመ መልእኽቲ ዘለዎም ዓይነት ካርቱናት'ዮም። ንግዳዊ ካርቱናት ክብርን ኣገልግሎትን ናይዞም ነገራት ንምግላጽ ገዛእቲ ከምዝምሰጡ ይገብሩ። መብዛሕትኡ ግዜ ስእላዊ መግለጺታት ናይ መጻሕፍቲ ብካርቱናዊ ቅዲ እዮም ዝትግበሩ።

3. ኣዘናታዊ ካርቱን (Comic strip cartoon)

ንጋድም ብዝሰርዑ ተኸታተልቲ ስእልታት ዛንታ ዝነግር ዓይነት ካርቱን'ዩ። ውሑድ ቃላት ብምጥቃም ብስእሊ ኣሰኒኻ ዛንታ ንምግላጽ ድማ የገልግል።

4.ካሪኬቸራዊ ካርቱናት(carticature cartoon)

ብዙሓ ትርኢታትን ጠባያትን ናይ ሓደ ሰብ ወይ እኩባት ሰባት ከምኡ'ውን ካልኦት ነገራት እናላገጸ የጋንን።

## ታይሮይድ

ታይሮይድ ኣብ ዝተሓተ ክፋል ናይ ክሳድ ኣብ ትሕቲ ፍረ-ኣዳም ዝርከብ ጽኪ እዩ። እዚ ጽኪ ቲ3ን ቲ4ን ዝተብሃሉ ቀንዲ ሆርሞናት ዘፍሪ ኮይኑ፣ ብመንገዲ ደም ኣቢሎም ድማ ናብ መላእ ኣካላት ብምዝውዋር መጠን ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣካላት- ከም ቀልጣፈ ምቅጻል ካሎሪንን ቀልጣፈ ህርመት ልብን ይቆጻጸሩ። ብትኽክል ዝሰርሕ ጽኪ ታይሮይድ ሜታቦልነት (ኣብ ኣካላት ዝትግበሩ ንጥፈታት) ሱብነት ካብ መጠን ንላዕሊ ብዘይቅልጥፍ ወይ ብዘይድንጉ ኣገባብ ንኽሰርሕ ዘድልዮ ቅኑዕ ዓቐን ሆርሞን ዘፍሪ እዩ። ገለ ዘይሰሩዕነት ስርዓታት ሱብነት ንጽኪ ታይሮይድ ሱብነትና ካብ ዘድልዮ ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ ዓቐን ሆርሞናት ከም ዘንዝዕ ይገብሩ። ሓደ ካብዞም ዘይስሩዕነት ከኣ ብያን ሱብነት ጽኪ ታይሮይድ ከነቓቕሕ እንከሎ ዝኽሰት እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ጽኪ ታይሮይድ ኣዝዩ ብዙሕ ወይ'ውን ብኣንጻሩ ኣዝዩ ውሑድ ዓቐን ሆርሞናት ከምዘፍሪ ይኸውን።

## ምውቕ ሓዳር ንኽህልወካ ትብህግዶ?

ምዉቕ ሓዳር ንኽህሉ ክማላእ ዝግብኦን ነገራት እንታይ'የም ዝብል ሕቶ ንብዙሓት ዘገድስን ወሳኒን'ዩ። ተመራመርቲ ስነ ህይወት ኣብ ዙርያ ሓዳርን መጻምድትን ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ብምኽያድ፣ ምዉቕ ሓዳር ንምህላው ክሕግዝ ይኽእል'ዩ ዝበለዎ ምኽርታት ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምምላስ ክርኩብ ከምዝኽእል ይእምቱ። ካብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ልዕሊ ሸዱሽተ "እወ" ዝብል መልሲ እንተረኺብካ ምዉቕ ሓዳር ናይ ምህላው ዝለዓለ ተኽእሎ ኣለካ።



ንደቂ ተባዕትዮ ዝምልከት ሕቶታት፣

1. ንምልክት ልቦናዊ ፍቅርኻ፣ ንሰበይትኻ/መጻምድትኻ ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚታት ህያባት ኣበርኪትካላ ትፈልጥ'ዶ?

2. ኣብ ቅድሚ ሰባት ጉድለታታ ንኸይትእርማ ትጥንቐቕዶ?

3. ክርህወካ እንከሎ፣ ልዕሊ'ቲ ንኣስቤዛ ዝሃብካያ ገለ ገንዘብ ኣብ ደስ ዝበላ ክተውዕሎ ትህባዶ?

4. ብዝወሓደ 50 ሚኢታዊት ካብ ናይ ምዝንጋዕ መደባት ግዜኻ ምስ ሰበይትኻዶ ትሕልፎ?

5. ኣብ እንተንበቦም መጻሕፍቲ ዝንባለ ኮነ ስነ ኣእምሮኣዊ ኣተሓሳስባ ንጹር ተገዳስነት ትሕድርዶ?

6. ፍሉይ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ናይ ኣእምሮ ዊንታ ብምርዳእ ኣብ እዋን ቍጠዐን ሕርቃንን ትተሓጋገዘዶ?

7. ሰበይትኻ ምስ ብሕውነታዊ መንገዲ ዝቐርብዋን ዝግደሱላን ደቂ ተባዕትዮ ዘለዋ ኣረእእያ ኣወንታዊ ድዩ?

8. ኣብ ከተድንቓን ከተመስግናን ዝግበኣካ ኣጋጣሚታት ተድንቓን ተመስግናንዶ?

9. ሲጋዊ ርክብኩም ንሰኻ ደስ ኣብ ዝበለካ ግዜ ድዩ ዝፍጸም ወይስ ኩነታታ ኣብ ግምት ብምእታው እትወስዶ ስጉምቲ ይዛይድ?

ንደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ሕቶታት

1.ስርሑ ንምስላጥ ኣብ ሱብኣይኪ ግቡእ ነጻነት ትህብዮዶ?

2. ኣብ ስርሑ ንዘተመደባ ጸሓፍቲ ወይ ናይ ቀረባ መሳርሕቱ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ካብ ምውንጃል ትጥንቐቒዶ?

3. ገዛኺ ብዝተኻእለ መጠኑ መሳጥን ተፈታውን ንክትገብርዎ ትጽዕሪዶ?

4. ሱብኣይኪ ካብ ስራሕ ኣብ ዝኣትወሉ ዘይተጸበዮ ዓይነት መግቢ ንኺጋጥሞ መግብታት ትቐያይሪዶ?

5. ከከም ኣድላይነቱ ክትተሓጋገዝዮ ምእንቲ፣ ብዛዕባ ስራሕ ሱብኣይኪ ንምፍላጥ በሊሕ ምክትታል ትገብሪዶ?

6. ንሓማትኪ ኮነ ኣዝማድ ሱብኣይኪ ብልብን ቅንዕናን ትቐርብን ትተሓጋገዝንዶ?

7. ንኣዒንቲ ሱብኣይኪ ዘዕግብን ዝማርኽን ቅዲ ዘለዎ ክዳን ትለብሲዶ?

8. ንደቀቕቲ ናይ ርእይቶ ፍልልይ ሱብኣይኪ ሕድገታት ትገብሪዶ?

9. ሱብኣይኪ ንዘፈትዎም ጸወታታት ተረዲእኪ ኣብ ትርፊ ግዜኺ ምስኡ ክትዘናግዒ ጻዕሪ ትገብሪዶ?

## ልቦናዊ ብዝሒት

1. ህይወት ድሕሪ ፍርዲ'ያ ትጅምር።

2. እትደልዮ ንምኽኣን እትደልዮ ምፍላጥ የድልየካ።

3. ፍቕሪ ብዋጋ ረብሓኻ ጥራይ ምስ ዝምስረት ሳዕቤኑ ዘይጽወር'ዩ።

4. ዝሓለየ ምስጢር ካብ ምስ ኑበሾኻ ምዕላል'ዩ ዝርከብ።

5. ቅኑዕ ተግባር ባዕሉ ይዛረብ።

6. ለዐም ሰብ ካብ ዝረኸቦም ዕድላት ዝፈጥሮም ዕድላት ይበዝሖ።

## ኣገረምቲ ሓቅታት

1. ኣብ ሃገረ ህንዲ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ኣመንቲ ዘለውዎ ጂኒዝም ዝተባህለ ሃይማኖት ኣሎ። ምእመናን ናይዚ ሃይማኖት ዝኾነ ይኹን ሂወታዊ ነገር ኣይቀትሉን'ዮም። ብሕጊ ሃይማኖቶም ጻጸ ምቕታል'ውን ከም ሓጢያት'ዩ ዝቑጸር። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ኣመንቲ ሃይማኖት ጂኒዝም መኪና ኣይጥቀሙን'ዮም። ምኽንያቱ መኪና ሰብን ካልእ ሂወታውያን እንስሳታትን ገጭያ ትንፋስ ከተሕልፍ ስለትኽእል ዝብል ኣተሓሳስባ ስለዘለዎም'ዮም። እዚ ጥራይ ኣይኮነን ጫማ/ ሳእኒ ንኣሽቱ ፍጥረታትን ይሕምትል ዝብል ርድኢት ስለዘለዎም ሳእኒ ኣይወድዩን'ዮም።



2. ብ1800 ተወሊዱ ኣብ 83 ዓመተ- ልደቱ ዝዓረፈ ካርል ዋይት ዝተባህለ ሰብ፣ ኣብ ጀርመን ጂሰን ዝተባህለ ዩኒቨርሲቲ ብማዕረግ ፕሮፈሰርነት ክምረቕ ከሎ ወዲ ትሽዓተ ዓመትን ሸዱሽተ ወርሕን ነይሩ።

3. ኣብ ዓለም ብብዝሒ ሃላኺ መስተ ዝኾነ ልስሉስ መስተ ኮካኮላ መበቆላዊ ሕብሩ እዚ ሕጂ ዘለዎ ናብ ጸሊም ዝዛዘወ ዘይኮነስ ቀጠልያ ሕብሪ'ዩ።

## ዕድመ እንስሳታት

ጋልፓጎስ ኣባጉበየ- 200 ዓመት
በክሰት ኣባጉበየ- 100 ዓመት
ዓሳ ነባሪ- 70 ዓመት
ሀማፓክ ዓሳ ነባሪ- 50 ዓመት
ሓርገጽ- 40 ዓመት
ዶልፊን- 30 ዓመት
ቺምፓንዚ- 20 ዓመት
ፈረሱ 20 ዓመት
ነብሪ- 16 ዓመት
ኣንበሳ- 15 ዓመት




# ደረተይ ደረትካ

ዘኾነ ዝምድና፣ ፍቕሪ ይኹን ሓዳር፣ ዕርክነት ይኹን ምሕዝነት ርእሱ ዝኸኣለ ናቱ ጸልዋ ኣለዎ። ምቁርን ወዕወዕ ፍቕሪ ዝመልኣን ክኸውን ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፣ ብደሀያታትን ሓርኽሽኽን ክህልዎ'ውን ናይ ግድን'ዩ። ምኽንያቱ ዝምድና ክልተ ዝተፈላለየ ባህርን ኣተዓባብያን፣ ኣተሓሳስባን ኣረዳድኣን ዘውንኡ ዝተፈላለዩ ሰባት እንዳዩ ዝፈጥሩ። ስለዝኾነ ድማ'ዩ ፍሉይ ክንክንን ናብዮትን ዝጠልብ። እንተኾነ ናይ ሙብዝሕትና ደቀንስትዮ ናብዮት ፍቕርን ሓዳርን ትርጉሙ ብመስዋእትን ተምበርኻኽነትን ስለዝሸረፍ፣ ኑቲ ሃልሃልታ ግርጭት ማይ ኮይኑ ኣብንዲ ዘጥፍኦ ላምባ ኮይኑ የባርያ'ሞ ዝምድናና ኣብ ሓደጋ ይኣቱ። ንሕና ድማ ዚያዳ ግዳያትን ተሃሰይትን ንኸውን።

መቸም ዳርጋ ኩልና (ደቀንስትዮና ደቂተባዕትዮና) "ኖእ፣ ኣይፋሊይ" ንዙበላ ግብረመልሲ ክንሰምዖን ብዙሕ ዘይንፈቱን ዘይንብህግን እንተኾነ፣ እቲ ጸገም ግና ሙብዝሕትና ደቀንስትዮ ከምኡ ኢልና ክንምልስ ዘጸግመና ምኻኑ'ዩ። እዚ ድማ ካብቲ ክንክንን ናብዮትን ዝምድና ዝበልናዮ ኣተሓሳስባን ኣረዳድኣን ዝብገስ'ዩ። ካብ መጀመርታ ንዘመጽእ ሕቶታት፣ ዓይኑቱን ክብደቱን ብዘየገድስ፣ ብእወታ ምምላስ ዝለዎም ዝምድና የደልድሎ'ዩ ኢልና ስለ ንኣምን ድማ እዩ። "ውሑድ ዘይምስምማዕ፣ ግርጭታት የውሕድ" ክበሃል ስለ እንሰምዕ። እቲ ጸገም ግን ወሸጥኻን ደጌኻን በበይኑም ቋንቋ ክዛረቡ እንከለዉ'ዩ ዝመጽእ።

ዝምድና ብፍላይ ድማ ሓዳር ጥልቀት ህይወቱ ኣዝዩ ዓሚቕ'ዩ። ንጽዋሃት ምናልባት እቶም ክልተ ተጻመድቲ ኣብ ኩሉ ነገር ብዘይወላሓንቲ ፍልልይ ስለዝሰማምዑ እዮም ብሓንሳእ ዝነብሩ ኢሎም ክሓስቡ ይኽእሉ ይኾኑ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ወቕያኖስ ኣቲኻ ክትሕምብስ ምስ ጀመርካ ግና ገለኡ ዝጸቅጥ ገለኡ ድማ ዝጽቀጥ ተዋስኦ ኮይኑ ይጸንሓካ'ሞ እቲ ምስምማዕ ኣብ ውሽጡ ምግምማዕ ከም ዘለዎ ትርዳእ። ውሑዳት ኑቲ ዓሚቕ ጥልቀት ባህሪን ዝምድናን ወዲሉብ ቀልጢፎም ቀብ ዘበሉ ከኣ ኑታ "ደረት ምሕንጻጽ" እትብል ብልጽቲ ሕጊ ብምጽዳቕ ኑቲ ማዕበል ንዓለሀም ኣድ ንኣድ ተተሓሒዞም ክሕምብሱ ይጸንሑኻ።

ኣብ ዘድልየሉ ግዜ "ኣይፋሊይ" ኢልና ምምላስ'ምበኣር ደረትካ ምንጻር ማለት'ዩ። "ውሽጠይ ኣይተቐበሎን እቲ ኣነ ክጉብሮ ዝደልን ዝኽእልን ደረቱ እዚ'ዩ" ኢና ንብል ዘለና። እዞም ደረታት'ዚኦም ድማ'ዮም ጥዕናኡ ዝተሓለወ ዝምድና ንኽህልወና ዝጉብሩ። ይኹን'ምበር ኣብ ዝምድና ደረት ምህላው ካብ ዘቀራርበና ዘረሓሕቐና ይበዝሕ ዝብል እምነት ዘለዎም ሰባት ኣብዩ ከይሰኣኑ። እንተኾነ ግን ብኣንጻሩ'ዩ እቲ ሓቂ። ደረታት ምህላው ምስ መጻምድትና ዝሓሸ ምርድዳእ ንኽህልወና፣ ድሌታት ክልቴና ብግሁር ንኽንፈልጥን ከምግልኣምን እዩ ዝሕግዘና። ዚያዳ ድማ የቀራርበና።

እቲ ናብዚ ኩሉ ዘበጽሓና፣ ድሌት ነፍሲ-ወከፍና ዝተፈላለየ ብምኻኑ'ዩ። ንኣብነት ሓደ ሰብኣይ ኩነታት ብዘየገድስ ምስ በዓልቲ ቤቱ ምሸት ምሸት ጾታዊ ርክብ ክፍጽም ዝደሊ እንተደኣኮይኑ፣ እሞ ንሳ ድማ በዚ ኩነታት ጸቡቕ ዘይሰምዓ እንተደኣኮይኑ፣ ምስ በዓል ቤታ ኮፍ ኢላ ተዘራሪባ ክትፈትሖ'ዩ ዘለዋ። ትፈትዎን ዘይትፈትዎን፣ መዓስን ብኸመይን ኩሉ ዘርዚራ ከተፍልጦ ይግባእ። ብኻልእ ኣዘራርባ ደረት ድሌታታን ድሌታቱን ብምሕንጻጽ ተሰማምዑ። እንተደኣ ሕቶ ይኹን ርእይቶ ከይሃብኩ ሰቕ ኢላ ትጉብር ኮይና ግን ክሱብ ኑበሱክበረታ እተጥፍእ እቲ ሕማቕ ስምዒት ምስኣ ንኽቕጽል'ያ ገዚእ ርእሳ ትፈርድ።

ኩሉ ግዜ ኣብ ወሽጥና ናይ ገዛእ ርእስና ዝተፈልየ ሓሳባትን ርእይቶን እንተደኣሃልዩና ካብ ምድማጹ ንምንታይ ንቑጠብ? ፍሉይ ሓሳባትናን ርእይቶናን ብምፍላጥና ካብ መጻምድትና ንላዕሊ ጽቡቕ ኢልና ክንረኦ ስለዘይደለና ዘይተኣሉ ካብኡ ፈጺምና ዝተፈለና ምኻንና'ዩ ዘርእዩ። ኣብ ዝኾነ ዓይነት ዝምድና፣



ናይ ገዛእ ርእስና ደረት(ዶብ) ምህላውና ድማ፣ ውሽጥና ንዘይተቐበሎ፣ ቅኑዕ ኮይኑ ንዘይተራእየናን ሃሰይትናን ንዘኾኑ ነገራትን (ፍሉያት ሓሳባትን ኣጋጣሚታትን) ኣይፋል ናይ ምባል መሰልና ዘጽረልና'ዩ። ምኽንያቱ ንህላዌናን ጥዕናናን ብኣሉታ ንዘጸልወ ነገራት ክንቃወምን ክንሕረምን ተፈጥሮኣዊ መሰልና ስለዝኾነ።

"ኣይፋሊይ" ምባል መዕበዩናን መሐየሊ ዝምድናናን'ዩ። መጻምድትና'ውን ኣይፋል ምባል ንኽለምድ ደርኺት ክትትኮ ንኽእል ኢና። እዚ ድማ ንኽልቴና ጥጡሕ መንገዲ ጸርጊ ኣብ ዝምድናና ወላሓደ ሰብ ዝህሰ ወይ ዝበለጸ ከምዘይህሉን ብሓባር እናተኸባበርናን እናተሓላለናን ህይወትና ክንመርሕ ይጉብረና።

ኑቶም ደረት ክንጉብረሎም እንደያልዮም ነገራት ክንፈልጥ እንተደኣኴንና ብመጀመርያ ንገዛእ-ርእስና ቀዳምነት ክንህብ ኣለና። ምናልባት ሰሰዐ ከሰምዕ ይኽእል ይኸውን'ዩ። ግን እስከ ንሕሰብ መን ቅድም ይመጽእ? ንሕና'ዶ ወይስ እቲ ዝምድና? እቲ መልሲ ንጹር እዩ። ብዛዕባ ገዛእ-ርእስና ቀዳምነት ሂብና ምሕሳብን ምሕላይን ሓይሊ፣ ሰላም ኣእምሮን እወታዊ ኣጠማምታን(ኣረኣእያን) እዩ ዝህበና። ሽዑ ጥራይ ድማ ኢና ንድሌታቱን ዝሕንጽጾም ደረታትን ንቕበልን ነኽብርን። ኣብቲ ቅኑዕ ቦታ ክንሰፍር፣ ብሉጻት መጻምድቲ፣ ብሉጻት ኣደታትን መሓዙትን ክንኸውን ምእንቲ ክንክእል'ሲ፣ ደረተይ ደረትካ ደኣ ንበሃል።

---

ሙተመይዝ
ኤርምያስ ኣስፋሃ

# ወ/ሮ ኣኽበረት፣ ኣብነታዊት ለጋሲት ደም!

ካብ ሜዳ ኣብ ክፍሊ መጥባሕቲ ተመዲባ ትሰርሕ ስለዝነበረት፣ ተወጊኦም ንዝመጽእዋ'ሞ ደም ዝደልዩ ውጉኣት ተጋደልቲ ምስ ብጾታ ደም ትልግሰሎም ነይራ። ኑቲ ካብ ሜዳ ሒዛቶ ዝመጸኣት ቁዱስ ተግባር ምልጋስ ደም ከኣ ድሕሪ ናጽነት'ውን ብዘተዓጻጸፈ ትቕጽሎ ዘላ ኣብነታዊት'ያ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ኣዘርያ ትብሃል። ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ደቀምሓረ ተወሊዳ። ኣብ ኑሓሰ 1978 ናብ ሜዳ ወጺኣ። ታዕሊማ ምስ ዛዘመት ከኣ ከም ኦኣር ኣብ ክፍሊ መጥባሕቲ ተመዲባ።

"ካብ ሽዑ ጀሚረ፣ ደም ማዕረ ክንደይ ትንፋስ ክሰኩዕን ህይወት ከድሕንን ከም ዝኽእል ይርዳእ ነይረ። ናይ ሽዑ ንፍጽሞ ዝበርና ቑዱስ ተግባር ኣብ ኣእምሮይ ሰሪጹ ክሱበ'ዚ እዋን ይቕጽሎ ኣለኹ" ትብል።

ኣብ ሜዳ ንብርክት ዝበለ ግዜ ደም ትልግስ ዝነበረት ወ/ሮ ኣኽበረት፣ ድሕሪ ናጽነት'ውን ካብ'ቶም ቀዳሞት ዓማዊል ቤ/ጽ ባንኪ ደም'ያ። ለገስቲ ደም ብማሕበር ምስ ተጠርነፈ'ውን ካብ'ተን ኣብ'ቲ ማሕበር ተጠርኒፈን ብጠዚሒ ደም ዝልግሳ ንጡፋት ደቂ-ኣንስትዮ ምኻና ሰራሕተኛታት ቤ/ጽ ባንኪ ደም ይምስክሩ።



ወ/ሮ ኣኽበረት፣ ኑበሰ ጾራት፣ ሓራሳት ከምኡ'ውን ብሰንኪ ሓደጋ ዋሕዲ ደም ዘጋጠሞም ሰባት ብዘለገሱቶ ደም ህይወቶም ዲሒና ክትርኢ ከላ ዕግበትን ሓጎስን ይሰምዓ።

ብፍላይ ካብ ሩሑቕ ገጠራትን ዓድታትን ዝመጽኡ ብቐረባ ደም ዝልግሰሎም ቤተሰብ ዘይረኸቡ ሰባት ብዘለገሱቶ ደም ክድሕኑን ትንፋስ ክሰኽዑን ከለዉ ሓጎስ ከም ዝሰመዓ ትጠቅስ።

ወ/ሮ ኣኽበረት፣ ደም ምስ ለገሰት ዘኾነ ዝሰምዓ ጥዕናዊ ጸገማት የለን። "ኣሸንኳይ ሕጂ ኣብ'ቲ ጸንከር ናይ ገድሊ እዋን'ዉን ደም ብምልጋሰና ዝመጽኣና ሳዕቤን ኣይነበረን። ደም ማይ ሰቲኻ ክትትክኦ ትኽእል ኢኻ፣ ህይወት ግን ኣይትትካእን'ያ። ዘይትትካእ ህይወት ምድሓን እምበኣር ቑዱስን ሰናይን ተግባር'ዩ" ትብል።

ደቃን ቤተሰባን ብዛዕባ ምልጋስ ደም ዘለዎም ኣፍልጦን ርድኢትን ንኽፍለጥ፣ ከምኡ'ውን ምልጋስ ደም ዘፈጥሮ ዕግበት ኣመልኪታ ትገልጸሉ ወ/ሮ ኣኽበረት፣ ሰለስተ ደቃን ክልተ ደቂ ሓፍታን ኣሰራ ስዒቦም ደም ክልግሱ ጀሚሮም ኣለው። ብፍላይ ዓባይ ጓላ ምስ ኢደኣ ብሰሩዕ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ማለት ኣብ ኣርባዕተ ወርሒ ሓንሳብ ደም ይልግሱ።

ኣብ ማይ ነፍሒ ዝርከብ ተመሃራይ 3ይ ዓመት ወዳ'ውን ንዕኡ'ኳ ብዛዕባ ኣገዳስነት ምልጋስ ደም ከም ዝገለጸ ትጠቅስ፣ ብዘየዳዶ ናቱ ጓዶኛ ኣዕሩኽቱ ኣባላት ወለንታውያን ለገስቲ ደም ከም ዝኾኑ ወ/ሮ ኣኽበረት ትዛረብ።

"ደቀይ ንኣዕሩኽቶም፣ ኣዕሩኽቶም ከኣ ንኻልእ ሰባት ክገልጹሉ፣ ብኸምኡ መገዲ ድማ ባንኪ ደምና ጸገም ዘይብሉ ምሉእ ክኾነልና እደሊ። ካልኣት ሰድራ'ውን ኣብ'ዚ ኣገባብ እንተሳተፉ ባንኪ ደም፣ ናይ ደም ጸገማት ኣይመጋጥሞን፣ ብደም ትጠፍእ ሂወት ከኣ ኣይምተረኽበትን" ትብል።

ተግባራት ወ/ሮ ብርኽቲ ንወዲ 15 ዓመት ንእሽተይ ወዳ'ውን ጸልዩ'ዩ። "ኣነ'ኸ መዓስ'የ ደም ዝልግስ?" ክብል ዝበላን ቀዳሰ ቅንኢ ከም ዝሓዞን ትጠቅሶ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ኣብዚ እዋን ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል ብደረጃ ሓላፍነት ተመዲባ ኣብ ምስራሕ ትርከብ። ጎድኒ ጎድኒ ስርሓ፣ ኣብ ኣኼባ ማሕበር ለገስቲ ደም ትሳተፍን ርእይቶኣ ትህብን። ግዜኣ ኣብ ዝኣኸለሉ እዋን ድማ ከኣ ናብ ቤ/ጽ ባንኪ ብምኻድ ደም ትልግስ።

ልግሲ ደም ከም ልምዲ ስለ ዝወሰደቶ፣ እትልግሰሉ መዓልቲ እንተሓለፋ ኑቡሳ ሰኽፍኽፍ ከም ዝበላ እትገልጽ ወ/ሮ እኽበረት፣ በዓል ቤታ ኣቶ ተስፋሚካኤል ሓወልቲ፣ ተበጊሶትሉ ንዝላ ቁዱስ ተግባር ክትደፍኣሉ ወትሩ'ዩ ዘተባብዖ።

# Conscious Kids Circle

ዓንኬል ንቑሓት ህጻናት

...Technology.Education.Art.Culture.Humanity.Enlightenment.Renaissance...

Reflection

Teklehaimanot Yemane

# Raising Conscious KIDS

## Communication Pitfalls to Avoid: Pitfall Number 2 – Invalidating Feelings

*Have you ever noticed when you do some activity effortlessly, a kid beside you saying like, "Is it that much simple" and of course with great surprise? What is very simple for adults is definitely complex for kids. There is also a great gap between the feelings of kids and that of adults on the same conditions. Therefore it is the responsibility of the parent or the adult to skillfully treat their kids by understanding this reality. We should not overthrow their feelings and neglect them.*

*Kids are said to possess pure and innocent feelings, which is originated from the depth of their heart. And such innocence and purity of feelings has to be treated in a positive way. Properly understanding the feelings of our kids will help adults on how to deal with them. As a parent or an adult, you know that your son's argument with a friend or stress about an upcoming Mathematics exam are just passing clouds in an otherwise blue sky, but to your son, these things may look and feel more like a storm that will last for weeks. When in an effort to ease his mind we say things like, "Don't worry," we are actually invalidating his perspective and depriving him of the understanding he is seeking.*

*It is desirable to freely communicate with our kids and give them plenty of time to comprehend their feelings and then to properly treat them according to their level of understanding. In the same way we sometimes just need to vent without too quickly being offered a solution, our kids need room to express their feelings and concerns. The simple fact that we are open to hearing their perspective often gives them the reassurance they need. Missing to understand the gap in feelings we have with our kids is one of the pitfalls we need to avoid in communicating with our kids. And this is a key factor in raising conscious kids.*



Short Story

# A Fight in the Kitchen




*Long ago, in the early hours of one morning, all the kitchen utensils in one kitchen started to fight very furiously. At that hour Selam was asleep. As the noise from the fight goes stronger and stronger, Selam woke up from her bed. She immediately jumped out of her bed and run to the kitchen. It was a bad fight, she noticed a black knife has torn out her milk bag and the milk was emptied to the ground. A white knife was also trying to break her tea pot. A fork paired with another kitchen utensil was attempting to break a glass which was filled with orange juice. There were also a number of torn out tomatoes, potatoes and oranges. Flies and butterflies have already started to fly into the kitchen. The kitchen became messy. Watching to the hot fight and to the dirty kitchen, Selam was extremely angry and shocked by the incident. But she did not know why all the kitchen utensils were fighting so furiously.*

*The kitchen utensils did not notice that Selma has woken up and was there standing and observing all what was going on with surprise. Then she clapped her hands strongly and declared, "Stop fighting and why are you fighting early in the morning?" All the utensils were kept silent. No one talked and they stopped the fight. Selam angrily asked again, "You noisy things why were you fighting the whole morning? Tell me frankly otherwise I will trash you out right now." All the utensils were afraid of being thrown out. Then Mr. Fork started to talk, "You see Madam, early in the morning, when we were all asleep, Mrs. Knife woke up and announced she and her husband Mr. Knife are the best utensils ever in the kitchen. And the rest of us were very angry. Every one of us declared we are the best too and that started the whole fight, your majesty." Every utensil nodded to confirm that, it was all how the fight started.*

*Selam was a wise girl. She ordered the kitchen utensils to prepare the best breakfast ever and then she promised she would nominate one ad The Best Kitchen Utensil if anyone of them managed to make the breakfast alone. Every one of them tried to their best to make the best breakfast, but it was not possible to proceed without one consulting the other. Each of them needed a help from the other. They soon started to help each other; the chopping board helped the knife in chopping onion, tomato and potato, the fork helped in mixing all of them with oil, spices and salt. From the beginning to the end there was no activity done without collaboration. The best breakfast was done. Then Selam declared, "Listen my beloved kitchen utensils, every one of you are special and your collective work makes things go right. From now on you are all the best and you collaborative work is appreciated most."*

I am Impressed

## Quote of Morality

*"Do not do to others what you do not want done to yourself"? This saying was coined by Confucius and sometimes it is termed as the "golden rule" of Confucius.*

Kids' Dream

## My Dream as a Kid was to be a Pilot!

*"When I was a kid, I used to dream I will be a great pilot. The basis for my interest was from what I heard my teachers talking about the value of being an educated person and the opportunity that follows. Now that I am an aeronautical Engineer, I believe dreams come true and I am in my way towards achieving the rest of my dreams. "*

*T. Michael, an Aeronautical Engineer: Thursday, June 05, 2014*

Parents & Teachers

## Confucius: A Chinese Thinker, Teacher and Social Philosopher

*Confucius as a person is very well-known. His teachings and philosophical ideas are very popular worldwide. He was a Chinese thinker, teacher and social philosopher. He lived about 2,500 years ago. Confucius in this philosophy highlighted personal and social morality, correctness of social relationships, justice and sincerity. Confucius valued old books, learning and culture. He believed people should respect their elders and parents. His sayings and teachings are still important in China today. Confucius didn't actually write his sayings down. His students and followers did.*

*Confucius' philosophical principles had a basis in common Chinese tradition and belief. He championed strong familial loyalty, ancestor worship, respect of elders by their children, husbands by their wives, and the family as a basis for an ideal Society. He expressed the well-known principle, "Do not do to others what you do not want done to yourself."*

# ስፖርት

የናታን ጉብረሂወት
yogh@zena.gov.er

## ዋንጫ ዓለም 2014 - ዝበዝሑ ተጻወትቲ ዘሰተፉ ሊግን ክለባትን



ማራኺን ተባሃጊን ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዘሰላስሉ - ውድድር ዋንጫ ዓለም፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ካብ ዝተፈላለየ ሊግን ክለባትን ንዝተዋጽኡ ኮዋኽብቲ ተጻወትቲ ዘዋስእ ተዛራቢ መድረኽ እዩ፡፡ ድሕሪ ሐደት መዓልታት እታ ልዕሊ ኩለን ሃገራት ዛታ ጽዋእ ኢዳ ዘንበረትላ ብራዚል ኣብ እተኣንግዶ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 እምበኣር፡ ዝበዝሑ ተጻወትቲ ዘሰተፉ ሊግን ክለባትን ብመርበብ ሓበሬታ ጎል ተዘርጊሖም'ሎ፡፡ እዚ መርበብ ንኹለን ሃገራውያን ጋንታታት ብምድህሳስ ኣብ ዝዘርግሖ፡ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኣብ'ዚ ክረምቲ ደቡብ ኣመሪካ ኣብ ዘሰላስል ዓለምለኻዊ ውድድር ዝበዝሑ ተጻወትቲ (105 ምኻኑ'ዩ) ብምስታፉ፡ ብቐዳማይ ደረጃ ክስራዕ በቒዑ'ሎ፡፡

ሰሪኣ - ኢጣልያ 81 ተጻወትቲ፡ ቡንደስ ሊጋ - ጀርመን 73 ተጻወትቲ፡ ላ'ሊጋ - ስጳኛ 62 ተጻወትቲ፡ ሊግ 1 - ፈረንሳ 47 ተጻወትቲ፡ ፕሪመር ሊግ ሩሲያ 34 ተጻወትቲ፡ ሊግ ሜክሲኮ 26 ተጻወትቲ፡ ሱፐር ሊግ - ቱርኪ 24 ተጻወትቲ፡ ሊግ ፖርቱጋል 22 ተጻወትቲ ከምኡ ድማ ሊግ ሕቡራት ኣመሪካ MLS 22 ተጻወትቲ ኣብ'ዚ ውድድር ብምስታፈን፡ ንፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ሰዒበን ካብ ካልኣይ ክሳብ ታሽዓይ ዝለ ደረጃ ሓዚየን፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ጀርመናዊት ባየር ሙኒክ ልዕሊ ዝኾነት ካልእ ክለብ ዝበዝሑ ተጻወትታ ናብ ብራዚል ዝለኣኸት ክለብ ኮይና'ላ፡፡ 15 ተጻወትቲ'ዛ ዓርሞሽሽ ክለብ ኣብቲ ውድድር ክጽመዱ'ዮም፡፡ ማንቸስተር ዩናይትድ 14፡ ባርሴሎና 13፡ ቸልሲ፡ ጁቬንቱስ፡ ናፖሊን ሪያል ማድሪድን ነፍሲ ወከፈን 12 ከምኡ'ውን ኣርሰናል፡ ሊቨርፑል፡ ማንቸስተር ሲቲን ፓሪስ ሴንት ጀርመይንን ነፍሲ ወከፈን 10 ተጻወትቲ ኑቲ ውድድር ዝቐረባ ክለባት ዓለም'የን፡፡

## ደረጃታት ፊፋ - ብራዚል ሻልሰይቲ፡ እንግሊዝ ዓሰረይቲ



ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ቅድሚ ምጅማር ዋንጫ ዓለም ድሒሩ ኣብ ዝተዘርግሐ ደረጃታት ፊፋ፡ ናብ ሳልሳይ ተርታ ሓኹራ፡፡ ጀርመንን ስጳኛን'ሞ ንናይ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃኣን ኣየድፈራን፡፡ እዛ ንውድድር ዋንጫ ዓለም እተኣንግድን ብልዊስ ፈሊፕ ስኮላሪ እትስልጥንን ጋንታ፡ ክሳብ 30 ግንቦት ንዘመዝገበቶ ውጽኢት ተራእዩ'ዩ ኑቲ ብፖርቱጋል ተታሒዙ ዝጸንሐ ደረጃ ክወሃባ ክኢላ፡፡

ብዘይካ'ዚ ኣርጀንቲና ንኽልተ ደረጃታት ሓኹራ ሓሙሻይ ተርታ ክትሕዝ እንከላ፡ ስዊዘርላንድ ብጊደኣ ንኮሎምብያን ኡራጓይን ኣኽቲላ ድሕሪ ኣርጀንቲና ብሻዱሻይ ደረጃ ተሰሪዓ'ላ፡፡ ብኻልእ ወገን፡ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ንግሪኽ ኣወጺኢኣ (ግሪኽ ናብ መበል 12 ደረጃ ወሪዳ) ናብ 10ይ ደረጃ ክትምለስ እንከላ፡ ኢጣልያ ድማ ኣብ ታሽዓይ ተርታ ደው ኢላ ትርከብ፡፡

ኣብዚ መሳልል'ዚ፡ ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝለዓለ ደረጃ ዝሓዘት ኣልጀርያ እያ፡፡ ኣልጀርያ ካብ ዝጸንሓቶ ሰለስተ ቦታታት ብምዝላል መበል 22 ደረጃ ክትሕዝ እንከላ፡ ኣይቮሪኮስት ናብ መበል 23 ደረጃ ወሪዳ ትርከብ፡፡ ናይጀርያ ድማ ኣብ መበል 44 ጸኒሓ'ላ፡፡

ዝሰዕብ ደረጃታት ሃገራውያን ጋንታታት ኣብ መሳልል ፊፋ፡ ድሕሪ ምዝዛም ዋንጫ ዓለም ዝመጽእ 17 ሓምለ ክዝርጋሕ'ዩ፡፡

## ሓጸርቲ ዜና . . .

= እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል ንተጻዋታይ ትሕቲ 21 ዓመት ክለብ ባየር ለቨርኩሰን ኣምሪ ካን፡ ኣብ ሐቝፉ ንምእታው ኣብ'ቶም ቀንዲ ነጥቦታት ምስ ባየር ለቨርኩሰን ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሐት በቢሲ ሓቢሩ፡፡

ሊቨርፑል ነዚ ኣብ ማእከል ምክፍፋል ክጻወት ዝበሃግ ወዲ 20 ዓመት ኣከፋፋሊ ንኽትውንን 10 ሚልዮን ፓውንድ ክተወጽኣሉ ድልውቲ ምህላዋ እውን ተሓቢሩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ባየር ሙኒክ ናብ ባየር ለቨርኩሰን ዝተሰጋገረ ቱርካዊ ኣምሪ ካን፡ ብዘይካ ኣብ ምክፍፋል ኣብ ምክልኻል እውን ክጻወት ከም ዝኽእል ይግለጽ፡፡

= ዌልሳዊ ራያን ጊግስ፡ ሓደ መዓልቲ ምሉእ ኣሰልጣኒ ናይታ ከም ተጻዋታይ ኮይኑ እጃሙ ዘበርከተላ ማንቸስተር ዩናይትድ ከምዝኸውን ኣሚኑ፡፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ወቕቲ፡ ድሕሪ ምብራር ዴቪድ ሞየስ ኣብ ዝተረፈ ኣርባዕተ ጸወታታት ፕሪመር ሊግ ግዜያዊ ኣሰልጣኒ ብምኻን ዝጸየ ጊግስ፡ ሰዒቡ ካብ ምጽዋት ኩዕሶ እግሪ ብወግዒ ከቋርጽ እንከሎ፡ ኣብታ ጋንታ ንቦታ ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ከምዝተቐበሎ ይፍለጥ፡፡ እቲ ወዲ 40 ዓመት ምስቲ ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ኮይኑ ተመዚዙ ዘሎ ሆላንዳዊ ሉዊስ ቫን ጋል ክዩጹ ዓቢ ፍታው ከምዝለዎ፡ ካብኡ ብዙሕ ክምሃርን ክምኮርን ድማ ትጽቢቱ'ዩ፡፡



= ተጻዋታይ ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድን ሃገራዊት ጋንታ ኢንግሊዝን ፖል ስኮልስ፡ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ምስ ኢጣልያ ኣብ እተካይዶ ጸወታ ንተጻዋታይ ሃገራዊት ኢጣልያ ኣድረ ፒርሎ ትሐተ ግምት ከም ዘይትህቦ ገሊጹ፡፡

## ብፍሉይ ሜላ ዝተመዝገበት ሽቶ ፍጹም ቅላዕ ነይማር

ኣብ'ዚ መዓልታት ተሪፉዎ ዘሎ ግጥማት ዋንጫ ዓለም፡ ከም ኩሉ እዋን ኣብ መንጎ ሃገራውያን ጋንታታት ይብዝሕ ይውሓድ ፍጹም ቅላዕ ክህሉ ዳርጋ ርጉጽ ትጽቢት ከም ዝህሉ ኣየጠራጥርን፡፡ ተጻወትቲ ኣብ ፍጹም ቅላዕ ንሓላዊ ልዳት ኣታሊሎም ሽቶ ንኸመዝግቡ ዝተፈላለየ ሜላታት ከም ዝጥቀሙ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ኣጥቃዓይ ባርሰሎናን ሃገራዊት ጋንታ ብራዚልን ነይማር ድማ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው እዩ መስለ፡ ንፍጹም ቅላዕ ይዳሎ ከም ዘሎ መርበብ ሓበሬታ በቢሲ ስፖርት ዝገልጾ፡፡

ነይማር ኣብ'ዚ ቀረባ መዓልታት ምስ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ኣብ ልምምድ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ካብ'ቶም ቅድሚ ሕጂ ዝተራእዩ ቅላዓት ፍልይ ብዝበለ ጥበብ'ዩ ፍጹም ቅላዕ ከመዝግብ ተራእዩ፡፡ ንሱ ኣብ'ቲ ልምምድ፡ ፍጹም ቅላዕ ምስ ረኸበ ንሓጺር ርሕቀት ድሕሪ ምጉያዩ ብየማናይ እግሩ ዝቐልዕ እናመሰለ፡ ንኹዕሶ ብጸጋማይ እግሩ ብምድፋእ ኑቲ ኣብ መንጎ ጺጋምን የማንን ኣንፈታት ላንጋ ላንጋ ዝኸነ ሓላው ልዳት ብምትላል ብቐሊሉ ሽቶ ኣመዝጊቡ፡፡

ነይማር ነዚ ንሓላዊ ልዳት ናይ ምትላል ሜላ ኣብ ዋንጫ ዓለምከ ክጥቀመሉዶ ይኸውን? ከም'ቲ ኣብ ልምምድ ዝገበሮ ክዕውተሉኸ ይኽእልዶ? ዝበሉ ሕቶታት ግን ኣብ'ቲ ድሕሪ ሐደት መዓልታት ዝጅምር ግጥማት ዋንጫ ዓለም ዝረኣ'ዩ፡፡ እንተ ድኣ ኣብ ዋንጫ ዓለም ክፍትኖ ኩይኑ ግን ናይቲ ኣብ 2010 ኣብ ሻምፕዮንስ ኤውሮጳ ኣዘኩል ካልሽንኮ ዝተጠቐመሉ ሜላ ኣቀላልዓ ፍጹም ቅላዕ ክቕድሕ ደልዩ ክኸውን ከም ዝኽእል በቢሲ ወሲኹ ይገልጽ፡፡




## ባርሴሎና ንኮከ ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ከተሰጋግር ደሊያ ዶ ይኸውን?

ኮኬ ኣከፋፋሊ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝኾነ ኮከ፡ ባርሴሎና ኣብ'ዚ ክረምቲ'ዚ ምስኣ ንኽትጸንበሮ ዓይና ኣውዲቓትሉ ካብ ዘለዉ ተጻወትቲ ሓደ'ዩ፡፡ እዚ ይኹን እምበር፡ ፕረዚደንት ኣትሌቲኮ ኢንሪኬ ቸረዞ፡ ባርሴሎና ንኮከ ንምፍራም ተካይዶ ዘላ ጻዕሪ ከምዘይሰልጥን ግዜኣ ተጥፍእ ምህላዋን'ዩ ጸቒጡ ዝዛረብ፡፡

ምስ'ታ ብዓደን ሲሞን እትእለ ናይ ከተማ ማድሪድ ጋንታ ዕዉት ዓመተ ስፖርት ዘሕለፈን ሻምፕዮን ክለባት ስጳኛን ዝኾነ ወዲ 22 ዓመት ኮከ ግን፡ ባርሴሎና ኣቓልቦ ከምዝገበረትሉ ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ከምዝተሓበነ ገሊጹ ነይሩ፡፡ እንተ ክለቡ ኣትሌቲኮ ማድሪድ'ሞ ብመገዲ ፕረዚደንታ፡ ኑቲ ሻምፕዮን ኣብ ምኻን መሪሕ ተራ ዝተጻወተ ኣባል ክትሸጦ መደብ ከምዘይብላን ኮከ ኣብታ ጋንታ ሕጉስ ምህላዉን'ያ ትሕብር፡፡ "ኮከ ተጻዋታይ እዩ፡ ምሳና ኸኣ'ዩ ዝቕጽል፡፡ ብሓፈሻ ንሕና ናይ መሸጣ ክለብ ዘይኮና ቀዋሚት ክለብ ኢና፡፡ ኮከ ምስ ኣትሌቲኮ ክጻወት ከምዝደሊ ድማ'የ ዝፈልጥ፡፡" ይብል ፕረዚደንት'ታ ኣብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግን ላ'ሊጋ ስጳኛን ዓመተ ስፖርት 2013/14 ካብ ትጽቢት ብዙሓት ወጻኢ ዝንኣድ ብቕዓት ዘንጸባረቐት ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ወቕቲ ተወዳዳርነታ ዘትሓተት ባርሴሎና፡ ኪ.ጆ ንኮከ ኣብ ራዳራ ምእታው እንተላይ ኑቲ ብዝተመሳሰለ ኣብ ኣትሌቲኮ ልዑል ኣስተዋጽኦ ዘለዎ ማእከላይ ኣከፋፋሊ ሚራንዳ ከተሰጋግር ኣንቂዳ ምህላዋ ተፈሊጡ፡፡ ኮይኑ ግን ቸረዞ ጸምዲ ተኸላኸልቲ ሚራንዳን ዲያን ጎዲንን'ውን እንተኾነ ኣብታ ጋንታ ክጸንሑ ምኻኖም ርእሱተኣማንኑት ኣሕዲሩ'ሎ፡፡ እቲ ፕረዚደንት፡ "ሎሚ ከም ሚራንዳን ጎዲንን ዝኣመሰሉ ጸምዲ ተኸላኸልቲ ክትረክብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ'ዩ፡ ዳርጋ ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ክልቲኦም ከም ኮከ ኣብ'ዛ ክለብ ክቕጽሉ ምኻኖም ድማ እተኣማመንየ፡፡" ኢሉ፡፡



ተስፋኣለም የማነ

# ገኒ፡ ኣቦላ ናብ ለበዳ ከይምዕብል ይሰጋእ



ኣብ ገኒ ኣማኢት ሰባት ዝቐዝፍ ዘሎ ሕማም ኣቦላ፡ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ገኒ ናብ ደረጃ ለበዳ ብምስጋገር ዝገደደ ህልቂት ከየስዕብ ስግኣት ፈጢሩ ምህላዉ ሰበስልጣን ጥዕና ገኒ ኣጠንቂቖም።

እቶም ሰበስልጣን ኣብታ ሃገር ዝርአ ዘሎ ኣቦላ እናስፋሕፍሐ ይመጽእ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ በቲ ብቐልጢፍ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ናይ ምስጋር ባህሪ ዘለዎ ሕማም ዝሞቱ ሰባት 208 ከምዝበጽሑ ሓቢሮም። ብጠቕላላ ኣብታ ሃገር በቲ ሕማም ዝተታሕዙ ሰባት ናብ 328 ከምዝደየቡ ድማ ኣፈሊጦም።

ብዘይካዚ ኣብ ጎረባበቲ ገኒ ዝኾና ሰራልዮንን ላይበርያን ዝርአ ዘሎ ኣቦላ እናወሰኸ ይመጽእ ብምህላዉ፡ እቲ ሕማም መጉትኢ እንተዘይተገይሩሉ ኣብቲ ዞባ ናብ ለበዳ ክሰጋገር ዝለዎ ተኽእሎ ሰፊሕ ከምዝኾነ እቶም ሰበ ስልጣን ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ ሰራልዮን ዝሓለፈ ወርሒ ብኣቦላ 6 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ኣብ ላይበርያ ድማ 10 ሂወቶም ከምዝሰኣኑ ካብቲ ከባቢ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ብጠቕላላ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ በቲ ሕማም ከምዝተለኽፉ ዝተጠርጠሩ 600 ሰባት ኣብ ውሽባ ኣትዮም ከምዝለዉን ብክኢላታት ውድብ ጥዕና ዓለም ጥቡቕ ምክትታል ይግበረሎም ምህላዉን ይጥቀስ።

ብኣቦላ ዝተለኽፉ ግዳያት፡ ልዑል ረስኒ፡ ዘቋርጽ ወጽኣትን መድመይትን ዝኣመሰሉ ምልክታት ክረኣዩዎም ይኽእሉ። ብመሰረት ክኢላታት ዝበርዎ መጽናዕቲ፡ በቲ ሕማም ካብ ዝተለኽፉ ሰባት 90 ሚእታዊት ናይ ሞት ዕጫ ይገጥሞም።

ኣቦላ ክታብት ይኹን መድሃኒት ዘይብሉ ቫይረስ ዝጠንቁ ሕማም'ዩ። ቫይረስ ኣቦላ ብምትንኻፍ ጥራይ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ወይ'ውን ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ክሓልፍ ዝኽእል ስዉዓት ሕክምና የመልክት።

# ፑቲን ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ክዘራረብ ድሌት ከምዘይብሉ ገለጸ



ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ባራክ ኦባማ ናይ ምዝርራብ ድሌት ከምዘይብሉ ምንጭታት ሞስኮ ሓቢሮም። ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ፖላንድ ምብጻሕ ዘካየደ ፕረዚደንት ኦባማ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ተረር መጠንቀቕታ ከምዝመሓላለፈ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ፕረዚደንት ፑቲን ድማ በዚ መጠንቀቕታ'ዚ ከምዝተቘጥዐ እቶም ምንጭታት ብተወሳኺ የረድኡ።

ይኹን'ምበር ኣብ ኣኼባ ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ዘይተሳተፈ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚ ፑቲን ኣብቲ ኣኼባ ምስ መራሕቲ ናይተን ሃገራት ገጽ ንገጽ ክዘራረብ መደብ ከምዘለዎ ተፈሊጡ ኣሎ።

መራሕቲ ጉጅለ 7፡ ሩስያ ኣብ ዩክሬን ኢዳ ተእቱ ከምዘላ ብምኽሳስ፡ ካብቲ ተግባራት ምስዘይትቁጠብ ተወሳኺ እገዳ ከምዝጉበኣላ ኣብቲ ዘካየድዎ ኣኼባ ከምዝጠንቀቑ ድማ ማዕከናት ዜና ይሕብራ። ሩስያ ኣባል ናይቲ ጉጅለ'ኳ እንተነበረት፡ ንዛ ክረምያ ናይ ዩክሬን ድሕሪ ምቑራና ካብቲ ጉጅለ ተሰጒጋ ምህላዋ ይፍለጥ።

ኣብ ብራሰለስ - በልጅም ዝተጋብኡ መራሕቲ ናይተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት፡ ብጉዳይ ኣህጉራዊ ቁጠባ፡ ክሊማዊ ለውጥን ኩነታት ዩክሬንን ከምዝዘተዩ ተሓቢሩ።

ኣብ ዩክሬን ብዘተፈጥረ ቅልውላው፡ ሩስያን ኣመሪካን ተተፋኒነን ከምዘለዋ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ መራሕቲ ሃገራት ኤውሮጳን ጃፓንን ድማ ኣብ ጎኒ ኣመሪካ ብምዃን ሩስያ ኣብ ጉዳይ ዩክሬን ኢዳ ከይተእቱ'የም ዘጠንቀቑ።

# ዜና ብሓጺሩ

ዕጡቓት ጉጅለ ቦኮ ሓራም ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ኣማኢት ሰለማውያን ሰባት ከምዝሓረዱ መንግስቲ ናይጀርያ ከሰሰ። እቶም ዕጡቓት ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ሰለስተ ዓድታት 200 ሰባት ከምዝሓረዱ'ዩ ተገሊጹ ዘሎ።

መንግስቲ ኣቡጃ ከምዝሓበሮ፡ እቲ ቅትለት ኣብ ኢጋፓልዋ፡ ዳንጃራን ኣንታጋራን ዝተባህላ ዓድታት'ዩ ተፈጺሙ። ጉጅለ ቦኮሓራም ኣብ ዞባ ቦርኖ ሰሜናዊ ናይጀርያ ልዕሊ 200 ኣዋልድ ተመሃሮ ብምጭዋይ ክሳብ ሕጂ ጅሆ ሒዘወን ምህላዉ ይፍለጥ። እቲ ጉጅለ ሃይማኖታዊ ስርዓት ንምትካል'ዩ ዝዋጋእ ዘሎ።

***

ኣብ ካሊፎርንያ ኣብ ልምምድ ዝነበረት ወተሃደራዊት ነፋሪት ኣመሪካ ወዲቓ። እታ ነፋሪት ሰብ ኣብ ዝነበረሉ ከባቢ ብምውዳቓ ሓያሎ ሰባት ግዳያት መቑሰልቲ ከምዝኾኑ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ዛጊት ከምዘይተፈልጠ፡ ኣብራሪ ናይታ ኤቪ-8 ቢ ዝዓይነታ ወተሃደራዊት ጀት ብሰላም ክወጽእ ከምዝኸኣለን ሰብ መዚ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

***

ፖሊስ ካናዳ ኣብ ልዕሊ ሰባት ተኹሲ ከፊቱ ንዝተሰወረ ዕጡቕ ይደልዮ ምህላዉ ገሊጹ። እቲ ዕጡቕ ኣብ ሞንክቶን ኣብ ዝተባህለት ከተማ ኣብ ጎደናታት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ፖሊስ'ዩ ኣጥቂዑ።

እቲ ብመኪና ዝጻዓዘ ዝነበረ ዕጡቕ ሰለስተ ኣባላት ፖሊስ ክቐትል እንከሎ ንክልተ ድማ ከምዘቑሰለ ሓበሬታ ፖሊስ የመልክት። እቲ ዕጡቕ ጃስቲን ቦርክ ዝተባህለ ወዲ 24 ዓመት መንእሰይ ምዃኑ'ኳ እንተረጋገጸ ዛጊት ግን ኣሰሩ ከምዘይረኸቦ ፖሊስ ካናዳ ይገልጽ።

***

ንግዳዊ ልውውጥ ቱርክን ኢራንን ኣብዚ ዓመት'ዚ ናብ 3 ቢልዮን ዶላር ክብ ከምዝበለ ኢራን ገሊጻ። ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ልዑል ንግዳዊ ልውውጥ ይጉበር ከምዘሎን ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ወርሒ ጥራይ ናይ 3 ቢልዮን ዶላር ንግዳዊ ልውውጥ ከምዝተመዝገበን ኢራን ትሕብር።

እቲ ልዑል ቁጠባዊ ንግዳዊ በዚ ዘለዎ እንተቐጺሉ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት 16 ቢልዮን ዶላር ክበጽሕ'ዩ ዝግመት። ቱርክን ኢራንን ዘካይድኦ ዘለዋ ልዑል ንግዳዊ ልውውጥ ኣብ ቁጠባ ክልቲኣን ሃገራት ዓቢ ጽልዋ ከምዝህልዎ ክኢላታት ቁጠባ ኢራን ገሊጾም።

# ኣብ መንጎ ሰራዊት የመንን ዕጡቓትን ግጭት ይቕጽል

ኣብ ደቡባዊ የመን፡ ኣብ መንጎ ሰራዊት መንግስትን ዕጡቓትን ዝካየድ ግጭት ብምቕጻሉ፡ ኣባላት ኣልቃይዳ ምዃኖም ዝተገልጹ ዕጡቓት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት'ታ ሃገር ብዘኸፈትዎ መጥቃዕቲ 14 ሰባት ተቐቲሎም።

ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት የመን ከምዝሓበሮ፡ በቲ መጥቃዕቲ ካብ ዝሞቱ ሙብዝሕትኦም ኣባላት ሰራዊት'ታ ሃገር እዮም። እቲ መጥቃዕቲ ሻብዋ ኣብ ዝተባህለት ዞባ ኣብ እትርከብ ከተማ ቢዮን'ዩ ተፈጺሙ።

ሓይልታት ጸጥታ የመን ካብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ጀሚሮም ኣንጻር ዕጡቓት ኣልቃይዳ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ወፍሪ የካይዱ ከምዘለዉ'የም ዝሕብሩ። ኣብቲ ወፍሪ ዛጊት 40 ወተሃደራትን 500 ዕጡቓትን ከምዝተቐትሉ ከኣ መግለጺ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት'ታ ሃገር የጽርዕ።

ሰራዊት የመን ቡቶም ዕጡቓት ተታሒዞን ንዝነበራ ሓያሎ ከተማታትን ዓድታትን ከምዝተቐጻጸረ'ኳ እንተገለጸ፡ እቶም ዕጡቓት ኣብ እምባታትን ስንጭሮታትን ደቡባዊ የመን ክተኣኻኸቡ ከምዝኸኣሉ'ዩ ጸብጻብ በቢሲ ዘመልክት።



ፕረዚደንት የመን ዓብድራብሕ መንሱር ሓዲ ኣቐዲሙ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ሃገሩ ኣንጻር ዕጡቓት ኣልቃይዳ ኣብ ውግእ ተጸሚዳ ምህላዋ ኣረዲኡ።

ኣመሪካ ኣብ ደቡባዊ የመን ኣንጻር'ቶም ዕጡቓት ዝዓለመ ምዃኑ እትገልጾ ተደጋጋሚ ደብዳብ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ከምእተካይድ ይፍለጥ።

ይኹን'ምበር ሓያሎ ሰላማውያን የመናውያን ግዳያት ናይቲ መጥቃዕቲ ክኾኑ ከምዝረኣዩ ምንጭታት ዜና ይሕብሩ።